

# ድምጺ ህዝቢ



ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ባህልን ዝሕተም

## ዕላዊ ልሳን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)

ሕታም ቍ.5



**ትሕዝቶ** **ገጽ**

**ርእሰ-ዓንቀጽ**

1. ባሕቲ ታሕሳስ ....................................................1-2

2. መዘክር ናብ ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተረስ ..........................3

3. ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ
ዘሎ ናዕብታት ናይ ህዝብና ደገፍ ይረክብ ኣሎ ......................4-6

4. ዓወት ናብ ባራክ ኦባማ፡ ልዑል መርኣያ ናይ ኣወንታዊ
ለውጢ’ዩ፡ ኤርትራውያን’ከ፡ ካብ’ዚ እንታይ ንመሃር ....7-10

5. ካዕባዊ ሓድነትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን .....10-12

6. ንቅዱስ ዕላማ ቅዱስ’ዩ ምባል፣
እንተኺኢልካ ድማ ኢድካ ምሕዋስ ......................12-14

7. ገዲፍካዮ ዘይገድፈካ ስርዓት፡ ኣይሃብካ ዘብል’ዩ .......14-15

8. ዜናዊ ጾብጻብ ..................................................15-21

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ባሕቲ ታሕሳስ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ



ህልቂት እተፈጸመላ መስጊድ በስክዲራ

ብ1961 ዓ.ም. ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብመሪሕነት ስውእ ጅግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ድሕሪ ምጅማሩን፤ ቅልጡፍ ደገፍ ህዝቢ ረኺቡ ምዕባዩን፡ ንመግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሰ ስለዘስግኦ፡ ሰውራና ብዕሽሉ እንከሎ ንምቍጻዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ መታሕት ኤርትራ ዝርከብ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ መዘና ዘይብሉ ግፍዕታት ክፍጽም ተራእየ።

ብ1967 ኣብ ልዕሊ ዓድ እብርሂም፡ ምስያምን ምብራቕ ኣክለጉዛይን ብዝፈጸሞ ጸብዳብን ማሕረድትን፡ ማእለያ ዘይብሉ ህዝቢ ኤርትራ ንሱዳን ከምእተሰደ ዝዝከር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ መወዳእታ ኣዋርሕ ናይ 1970 ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብስክዲራ፡ ዑና፡ ኣቍርደት፡ ተሰነይን ኡም ሓጀርን ተመሳሳሊ ጅምላዊ ህልቂት ተፈጺሙ'ዩ።

ብ19 ሕዳር 1970 ዓ.ም፡ ኣህዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ጽርግያ ኣስመራ-ከረን፡ ሃብረምጋቓ ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣድብየን ብምጽናሕ፥ ኣብ ልዕል'ቲ ንጀነራል ተሾመ እርገቱ ኣሰንዩ ዝኸይድ ዝነበረ ቃፍላይ ሰራዊት መግዛእቲ ብዝፈነውኦ በርቃዊ መጥቃዕቲ፡ ጀነራል ተሾመ እርገቱን ብዙሓት ካብ ሰራዊቱን ተቐትሉ። መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ነዚ ሕነ ንምፍዳይ፡ ብ26 ሕዳር 1970 ንሙሻ ዓይግ፥ ብ28 ሕዳር ንፍሶሩኽ፥ ብ29 ሕዳር ንሙሻ ሸባሕን ፈለዳርብን እተባህላ ዓድታት ኣቓጸለ።

ብሰኑይ 30 ሕዳር 1970 ድማ፡ ንህዝቢ ብስክዲራ፡ ነፈሪት ከይትድብድበኩም ኣብ መስጊድ እተዉ ኢሎም፡ ደፋፊኦም ድሕሪ ምእታዎም፤ በርባዕተ መሳኹትን ሓደ ማዕጾን ናይ'ዛ ኣብ ላዕሊ እንርእያ ዘሎና መስጊድ ብዘዝነብብዎ ጠያይቲ፡ ካብ 118 ክሳብ 120 ዝኸዉኑ ንጹሃት ዜጋታት ሃለቑ። ንጽባሒቱ ሰሉስ ዕለት 1 ታሕሳስ 1970 ድማ፡ ኣብ ዑና እተባህለት ዓዲ 714 ንጹሃት ዜጋታት

ብኣረሜናዊ ኣገባብ ረሸኑ። ናይ ተሾመ እርገቱ ሞትን ናይ’ዘን ዓድታት እዚኣተን ምንዳድን ብማዕከናት ዜና ዓለም ስለእተቓልሐ፡ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብሽፍትነት ንምግላጹ ዝገብሮ ዝነበረ ፈተነ ክፈሽል ጀመረ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ብስርዓት ሃይለስላሰ እተፈጸመ ኣረሜናዊ ግፍዕታት፡ ኣብ ኤርትራውያን ኣዝዩ ከቢድ ሓዘንን ቍጥዐን ፈጠረ። ኣብ’ቲ እዋን’ቲ ኣብ ቀዳማዊ ሃይለስላሰ ዩኒቨርሲቲ ዝመሃሩ ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ ጸጕሮም ብምልጻይን፥ ጸሊም መልጐም ኣብ ክዳውንቶም ብምልጋብን ሓዘኖም ከምዝገለጹ ዝዝከር ኢዩ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ እምበኣር፡ ካብ’ዚ ኣሕዛኒ ታሪኻዊ ተረኽቦ’ዚ ተበጊሱ’ዩ ንባሕቲ ታሕሳስ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኰይና ክትዝከር ዝወሰነ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ፡ ነዛ ዕለት እዚኣ ክመርጽ እንከሎ፡ ኵሎም ምእንቲ ናጽነት እናተቓለሱ እንከለዉ ዝወደቑ ሰማእታት ኤርትራ፡ ተጋደልቲ ይኹኑ በርገሳውያን ዜጋታት፡ ከምኡ ውን፡ ናይ ኣየናይ ውድብ ምኳኖም ብዘየገድስ፡ ዝዝከሩላ ዕለት ደኣ/ምበር፡ ንተጋደልቱን ሰዓብቱን ጥራሕ ንምዝካር ካብ ዝብል መንቀሊ ውን ኣይነበሮን።

እቲ ዘሕዝን ግን፡ እቲ ብመስዋእቲ ናይ መላእ ህዝብና ስልጣን ዝጨበጠ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንሰማእታትና ሌላን ጕሌላን ክገብር፤ ንገሊኡ መደበሲ ክህብ፡ ንገለ ድማ ክኸልእ፤ ንገሊኡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ሓመድ ድብ ክገብረሉ፡ ንገሊኡ ድማ፡ ሬሳኡ ናብ ዓዲ ከይኣቱ ክኸልክል ምርኣይና ኢዩ። ልዕሊ ኵሉ ድማ፡ እታ ህዝባ ብሰላም፡ ብቕሳነት፡ ብፍትሕን ብማዕርነትን ከነብረላ፡ ናይ ማእለያ ዘይብሎም ጀጋኑ ኤርትራውያን ደምን ርሃጽን ዝፈሰሰላ ሃገር፡ ነቶም ውሑዳት ሰበ-ስልጣንን መጋበርያታቶምን ገነት፤ ንሓፋሽ ህዝብና ድማ፡ ግሃነም ምዃና ኢዩ።

እቲ ዘተስፉ ግን፡ ዝበዝሐ ክፋል ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንባህርያት ናይ’ቲ ስርዓት ተረዲኡ፡  ዓቕሙ ዘፍቅዶ ተቓውሞታት ክገብር ምጅማሩ’ዩ። ናይ መምህራን፡ ተመሃሮ፡ ተጋደልቲ፡ ውጉኣት ሓርነት፡ ኣባላት ፓርላማን ሰበ-ስልጣንን ነበርን ተቓውሞታት፥ ከምኡ ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ሃገርናን ኣብ ግዳምን ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ምልክት ናይ ብሩህ መጻኢ ኢዩ። ብፍላይ ድማ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ዝገብርዎ ዘለዉ ዝተፈላለየ መልክዕ ዘለዎ ተቓውሞታት፡ ህዝብና ዘይተደላዩ መስዋእቲ ክኸፍል ቅሩብ ከምዘይኰነን፤ ነዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘስዓቦ ብርሰትን ስቅያትን ንምፍዋስ ዘለዎም ባህግን’ዩ ዘረጋግጽ።

እዚ ተቓውሞታት’ዚ፡ ብማእሰርቲ፡ ስቅያትን ሞትን ዝግለጽ ከቢድ መስዋእቲ እኳ ይኽፈለሉ እንተሎ፥ መስዋእቲ ህዝብና ግን ከንቱ ኰይኑ ከምዘይተርፍ፡ ዝሓለፉ ናይ 30 ዓመታት ተጋድሎና ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ብዘይ መስዋእቲ ክረጋገጽ ዝኽእል ፍትሒ፡ ሰላም፡ ማዕርነትን ዲሞክራስን የለን። ናይ ሎሚ ድኻምናን መስዋእትናን፡ ጽባሕ ደቅናን ደቂ ደቅናን ዝሕጐስሉን ብሰላም ዝነብርሉን ንታሪኽናን ቃልስናን ዘመጒስሉን መዋእል ክመጽእ ግድን ስለዝኾነ፤ ብናይ ሎሚ መስዋእትን ስቅያትን ከይሰንበድና፡ ኣርሒቕና ብምጥማት ንዝያዳ  ሕኑን ቃልሲ ክንዳሎ ይግባእ። ስውእ ጅግና፡ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ፡ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ራእይ እንተዘይህልዎ ነይሩ፡ ንቃልሲ ውን ኣይምተበገሰን ነይሩ። ካብ’ዚ ብሩህ ተስፋ ተበጊሱ ብውሑዳት ተጋደልትን ኣረጊት ብረትን ዝጀመሮ ተጋድሎ’ዩ ንኤርትራ ናጽነታ ክትጓናጸፍ ዝገበራ።

ህዝብና ዝድበሰላ ዲሞክራስያዊት ስርዓት ንምትካል ንቃለስ
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንሰማEታትና

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)
ቤ. ጽ. ኣቦ መንበር

حزب الشعب الارتري (ح ش ا)
مكتب الرئيس

ERITREAN PEOPLE'S PARTY (EPP)
Chairman's Office

ናብ ኣቶ ኣንቶንዮ ጉተረስ
ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት 17.12.2008

ክቡር ኮሚሽነር፡-

ሰበ-ስልጣን ግብጺ፡ ነቶም ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ-ማእሰርቲ ናይ'ታ ሃገር ተዳጕኖም ዘለዉ ልዕሊ 800 ዝኾኑ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቑባ ሕጂ ውን ንምብራሮም ዘድሊ ምድላዋት ገይሮም ምህላዎም ዘረጋግጽ ጭቡጥ ሓበሬታታት ረኺብና ኣሎና። ብዙሓት ካብኦም ብጸጥታዊ ትካል መንግስቲ ኤርትራ ዝድለዩ ስለዝኾኑ፤ ናብ ሃገሮም እንተደኣ ተባሪሮም ድማ፡ ኣደዳ ዓዛብን ቅትለትን ካልእ ዘይሰብኣዊ ግፍዕታትን ክኾኑ ምዃኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ዝስዕብ ሰሌዳ ወይ ሰንጠረዥ ድማ፡ ዝርዝር ስእሊ ናይ'ቶም እሱራት ዝገልጽ ኢዩ።

| | ቤት ማእሰርቲ | ክፍሊ/ገዛ | ደቂ ኣንስትዮ | ህጻናት | ጥኑሳት | ደቂ ተባዕትዮ | ጠቕላላ ብዝሒ |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣብ ነኺል (ዶብ እስራኤል) | 4 | 16 | 2 | 2 | 78 | 98 |
| 2 | ኣስዋን (ከባቢ ዶብ ሱዳን) | -- | 18 | 3 | 1 | 108 | 130 |
| 3 | እስክንድርያ | -- | 13 | -- | -- | 132 | 145 |
| 4 | እስማዒልያ | -- | 3 | -- | -- | 32 | 35 |
| 5 | ዓሪሽ | 20 | 32 | 4 | 1 | 313 | 350 |
| 6 | ካርዳጋ | -- | 2 | -- | -- | 28 | 30 |
| 7 | ቀናፍር | -- | 7 | -- | -- | 43 | 50 |
| 8 | ረፋዕ | -- | 5 | -- | -- | 35 | 40 |

እዞም እሱራት እዚኣቶም ገሊኦም ኣብ ግብጺ ዝተታሕዙ፡ ገሊኦም ድማ፡ ካብ እስራኤል ናብ ግብጺ እተባረሩ ምዃኖም ኣብ ግብጺ ዝርከቡ ምንጪታትና የረጋግጹ። መነባብሮኦም ስቕያት ዝመልኦ ምዃኑን፤ ምስ ዓለም ዘራኽብ መስኖ ተነፊግዎም ከምዘሎን ዝበጽሑና ጸብጻባት የረጋግጹ። ኣብ መሰኻኽርቲ ዘይብሎም ንኣሽቱ ክፍልታት ተዓጽጎም ይነብሩን፤ ብዘስካሕክሕ ሕጽረት መግቢ ይሳቐዩን ኣለዉ።

ክቡር ኮሚሽነር፡ ነዚ መዘክር'ዚ፡ ናብ ቤት ጽሕፈትኩምን ካልኦት እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ትካላትን፤ ከምኡ ውን፡ ነዞም ኣብ መጻብቦ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክድግፉ ይኽእሉ'ዮም ኢልና እምነት ዘንበርናሎም ኣህጉራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ውድባትን ብኢ-መይል ኣቢልና ንልእኮ ኣሎና።

ካብ ሓውኩም

ወልደሰስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ኣድራሻ፡፡ Mainzer Landstr. 302, 60326 Frankfurt, Germany
ቍ.ተልፎን +496924248583

# ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናዕብታት ናይ ህዝብና ደገፍ ይረክብ ኣሎ

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስን መጋበርያታቱን፡ ነቲ ኣንጻር መግዛእቶም እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ህዝባዊ ተቓውሞታት ንምብርዓን፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 10 ዓመታት ብውሑዱ፡ ቀጻሊ ፖለቲካዊ ዓመጽን ገበናትን ክፍጽሙ ጸኒሖምን ኣለዉን። በሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ሃገሮም ቅዋማዊ ምሕደራ ክነግስን፡ መሰረታውያን መሰላት ደቂ ሰባት ክኽበሩን ስለዝሓተቱን ጥራሕ፤ ብዘይ ክስን ፍትሓዊ መስርሕ ፍርድን ብጸዋታዊ ትካላት ናይ'ቲ ስርዓት ኣብ ስውር ቦታታት ክእሰሩ፡ ክቕተሉን ክሰናበዱን ይርኣዩ ኣለዉ። ብሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ብሃይማኖታዊ ትካላት፡ ብሲቪላዊ ማሕበራት፡ ብመንእሰያት፡ ብተመሃሮ፡ ብበርገሳውያን ሰራሕተኛታትን ካልኦትን ዝቐረበ ንቅዋማዊ ምሕደራ ዝምልከት ይዕበ ይንኣስ ሕቶ ብኣረሜናዊ ዝኾነ ተግባር ኢዩ ክምለሰሉ ጸኒሑን ዘሎን። ኵሉ ኤርትራዊ ዜጋ ግዳይ ናይ'ዚ ምሕረት ዘይብሉ ጨካን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ'ዩ ኰይኑ ዘሎ።

**ርእሰ-ነገር ናይ'ቲ ቅልውላዋት፡-**

- ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝፍጸም ቀጻሊ ባርባራዊ ዝኾነ ናይ ራዕዲ ተግባራትን ፍጹም ምሕራም ናይ ናጽነትን መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ንኤርትራ ንቅድሚት ካብ ምስጓም ብምዕጋት ኣብ ዘላቶ ተሸኪላ ከም እትተርፍ ገይርዋ። ኤርትራ። ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ኣዝየን ውሑዳት፡ ዋላ ውን ጨና ናይ ስማዊ ዲሞክራሲ ዘይብለን ሃገራት ኣብ ዓለምና ኰይና ኣላ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመወዳደርቲ ዘይብሉ ጭቆና ተጋሊጹ ኣሎ ክበሃል ይከኣል።
- ኣብ ትሕቲ'ዚ ስርዓት'ዚ፡ ሃገርና ኤርትራ፡ ግዳይ ናይ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ታሪኻ ኣጋጢምዋ ዘይፈልጥ ፖለቲካዊ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው ኰይና ኣላ። ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 17 ዓመታት ኤርትራ ንድሕሪት ኢያ ክትጕተት ተራእያ። ካብ ደገ ዝመጽእ ናይ ወጻኢ ርእሰማል የለ፡ ጥዑይ ዝኾነ ውሽጣዊ ፖሊሲ ይኹን ናይ ሃገራውያን ብሕታዊ ወፍሪ ርእሰማለ የለ፡ ሓዲግ ሰማይን ምድርን ኰይናና፤ ዝቕበባ ንላዕሊ ዓሪጉ፤ ህዝቢ ድማ ኣደዳ ዕዳን ዕንዲዳን ኰይኑ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ናይ ቅልውላው ኵነታት፣ ኢሳያስን ጕጅልኡን ነቲ ዝርካቡ ጸጋ ሃገር ኣብ ፈቐዶ ቦታታት ኣብ ዝውልዕዎ ውግኣትን ንናይ ጭቆናን ዓፈናን መሓውራቶም ንምምግባን የውዕልዎ ኣለዉ። በዚ ኵነታት'ዚ ዝረብሑ ዘለዉ ኢሳያስን እቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ መጋበርያታቱን ካልኦት መሓዙት ናይ'ቲ ስርዓትን ኢዮም። ብኣንጻሩ፡ ብሰሪ'ዚ ግጉይ ቍጠባዊ ፖሊሲ መነባብሮኡ እናንቈልቈለ፡ ኣደዳ ጥሜት፡ ድኽነትን ስደትን ዝኸውን ዘሎ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ።
- ፖለቲካዊ ጭቆና፡ ቍጠባዊ ብርሰት፡ ማሕበራዊ ቅልውላውን ዘይምርግጋእን ኣብ ጥርዙ በጺሑ ኣሎ። ስርዓት ኢሳያስ ህዝባዊ ናዕቢ ከይለዓል ንምዕጋትን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን ክብል፡ ነዚ ኣብ ዕለት ናብ ዕለት እናንቈልቈለ ዝኸይድ ዘሎ ሕማቕ መነባብሮ ህዝብና ካብ ዓይኒ ዓለም ንምኽዋል ኵሉ ዝከኣሎ ይገብር ኣሎ። እንተኾነ ግን፡ ፖለቲካዊ ጭቆናን ቍጣባውን ማሕበራውን ቅልውላዋትን ኣብ ዓንቀሩ ስለዝበጽሐ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኢሳያስን መጋበርያታቱን ክታለል ቅሩብ ኣይኰነን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ስርዓት ኢሳያስን መጋበርያታቱን ምሕደራ ፍጊዕ ኢልዎ ንመሰረታዊ ለውጢ'ዩ ዝጽበ ዘሎ። ዋላ ገለገለ ደገፍትን ጽኑዓት ህግደፋውያንን ውን ከይተረፉ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኵነታት ኤርትራ ዳግማይ ርእይቶ ኣብ ምግባር ኢዮም ዝርከቡ ዘለዉ።
- ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቅን ህግደፍን ንኤርትራ ኣብ ምኽኑይ ዘይኰነን ቀጻልን ውግኣት ኣእትዮማ። ኢሳያስን ህግደፍን ዕምሪ ስልጣኖም ንምንዋሕ፡ ውግእ ከም ዕለታዊ መግቢ ናይ ህዝቢ ክገብርዎ ቈሪጾም'ዮም ተበጊሶም። ንኤርትራ ናብ ወተሃደራዊ መደበር ቀይሮማ፣ ውግእ ድማ፡ ሕመረት መነባብሮ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ገይሮሞ። ከም'ዚ'ኦም ዝኣመሰሉ ውግኣት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ኣብ ህዝቢ ናይ ስግኣት

መንፈስ ብምፍጣር፡ ንኣቓልቦ ህዝብና ካብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ጸገማት ናብ ግዳማዊ ሓደጋታት ክህውትት ኢዮም ዝገብሩ። እቲ ስርዓት፡ ንፍርሕን ስግኣትን ከም መቈጻጸሪ ተጠቒሙ፡ ንጠላባት ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነትን ዲሞክራስን ብቐጻልነት ክዕፍኖ ይርእ ኣሎ። ብሰሪ'ዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ቍጠባውን ማሕበራውን ቅልውላዋት እናዓመቑ ይኸይድን፤ ኤርትራ ድማ፡ ናብ ብርሰት ተምርሕን ኣላ።

## ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡-

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብእግረኛ ሰራዊትን ሓይልታት ባሕርን ኣየርን ዝቘመ ትካል ኢዩ። ልክዕ ከም ኵሎም ካልኦት ትካላት፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ውን፡ ንመሰረታዊ ዕላማታቱን ባህርያቱን ስሒቱ፡ ንፖለቲካዊ ስልጣን ናይ'ቲ ዲክታቶር ዝሕሉ ናይ ራዕድን ዘይምትእምማንን ትካል ኢዩ ተቐይሩ። በዚ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንገዛእ ርእሱ፡ ግዳይ ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዩ ኰይኑ። ናይ ፍርሕን ዘይምትእምማን ጥርጣረን ከፋፊልካ ግዛእ ዝብሉ መርሆታት ብምኽትል ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ከፋፊሉን ኣርዒዱን ኣንጻር'ቲ ጨቋኒ ስርዓት ከይለዓል ኣልምሱ፡ ንዕምሪ ስልጣን ናይ'ቲ ስርዓት ዘናውሕ ዘሎ፣ እቲ ብወተሃደራዊ ፖሊስ (MP)፡ ብወተሃደራዊ ሰለላን ብጸጥታን ዝቘመ ምሕረት ዘይፈልጥ ጸጥታዊ ትካል (ብሓድሽ ኣገባብ እተወደበ ሓለዋ ሰውራ) ኢዩ። ስለ'ዚ፡ መሰረታዊ ጠንቂ ናይ'ቲ ቅልውላውን፣ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ህይወት ዝቈጻጸሩን፣ ነቲ ኣብ ናይ ስልጣን ኰረሻ ተወጢሑ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝከላኸሉን እዞም ዝተፈላለዩ ናይ ጸጥታ ትካላት ኢዮም።

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ልክዕ ከም'ቲ ዝበዝሐ ክፋል ናይ ሕብረተ-ሰብና፡ ዕድመ ስልጣን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክናዋሕ ኣይደልዩን ኢዮም። ብርግጽ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ተቓወምቲ ውድባቱ ኣብ ጐድኒ ተቓውሞታት ናይ ሓይልታት ምክልኻል ኢዮም ዘለዉ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ሎሚ ብህዝቢ ተቐባልነት የብሉን፤ ክፍጽሞ ናይ ዝጸንሐን ዘሎን ገበናት ድማ ዋጋ ክኸፍል ኢዩ። እቶም ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዝርከቡ ውሑዳት ደገፍቱ ውን እንተኾኑ እምነቶም ካብ'ቲ ስርዓት ንምስሓብ ብዙሕ ግዜ ክወስደሎም ከምዘይኮነ ፍሉጥ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ንቕሓት ናይ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ክብ ምባሉ፡ ክሳብ ክንደይ ንትርግታ ናይ ህዝቦም ይከታተሉ ከምዘለዉ ኢዩ ዝሕብር መርኣያ ኢዩ። እዚ ብትሑት ደረጃ ዝልለ ጠለባት ናይ ሰራዊት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ጐልቢቱን ናህሪ ወሲኹን፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝጸርግን፣ ንህዝባዊ ጠለብ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ናብ ዝምልስን ማዕበል ክቐየር ኢዩ። ህዝብና፡ ዕላማታት ናይ'ቲ ምንዕዓብ ከም'ዞም ዝስዕቡ ክኾኑ ኢዩ ትጽቢታቱ።

- ነቲ ዝድለ ለውጥታት ክውን ንምግባር፡ ሰራዊት ኤርትራ ነብሱ ክውድብ ትጽቢት ይግበረሉ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ህዝቢ ኣብ ጐድኒ'ቲ ለውጢ ደው እንተደኣዘይሉ፡ እቲ ዕላማታት ክረጋገጽ ከምዘይካል ክፍለጥ ይግባእ። ናይ ህዝቢ ደገፍ ንምርካብን ንናይ ለውጥን ዲሞክራስን ሓይልታት ንምድልዳልን ናይ ለውጢ ንቕሓት ምውናን መሰረታዊ ቅድመ-ኵነት ኢዩ። ስለ'ዚ ንለውጢ ዝግበር ምልዕዓላትን ወፈራን ኣብ ውሽጢ ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ህዝብን ብጻዕቂ ክካየድ ይግባእ።
- እቲ ምንቅስቓስን ንቕሓትን፡ ኣብ መንጐ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናይ ምትእምማን መንፈስ ንምስራጽ ዝዓለመ ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ኣብ ሰራዊት ዝግሃድ ዘሎ ተቓውሞታት፡ ናይ ናይ ለውጢ መስኖ ዝኣሊ ውደባን መሪሕነት የድሊ። ኣብ ውሽጢ ዝርከቡ ናይ ለውጢ መሳርሒታትን ናይ ኤርትራ ተቓወምቲ ውድባትን ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም፡ ለውጢ ንምምጻእ ጻቕጥታቶም ከሐይሉ ይግባእል። ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንጽባሕ ዘይኮነስ ንሎሚ'ዩ ዝድለ ዘሎ።
- እቲ ዝመጽእ ለውጢ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ኣርዑት ዲክታቶርነት ዘገላግልን፣ ናጽነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ዘስፍንን ክኸውን ኣለዎ።
- ሃገርና፡ ብፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ፡ ብቍጠባዊ ቅልውላውን ማሕበራዊ ምምቕቓላትን ትሳቐ ኣላ። እቲ ክረጋገጽ እንጽበዮ ለውጢ እምበኣር፡ ነዚ ክውንነት'ዚ ዘለልን ዘንጸባርቕን ክኸውንን፤ እቲ ነዚ ለውጢ'ዚ ዝመርሕ ሓይሊ ከኣ፡ ንሃገርና ካብ ምግዛዕ ዘድሕን ስትራተጂ ሓንጺጹ ክዋሳእን ይግባእ።
- ናይ ውሽጥን ናይ ግዳምን ናይ ለውጢ ሓይልታት ኣብ መንጐኦም ድልዱል ዝምድና ክፈጥሩ ዕዙዝ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ብክብ ዝበለ ኣገባብ ዘይተወደበ ተቓውሞ ወይ መኸተ ክዕወት ኣይክእልን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ምንቅስቓስ፡ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ክውን ክገብር ዝኽእል ውደባ ክውንን የድልዮ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ዕላማታት፡ በዚ ዝስዕብ ስጕምታት ክስነ ይግባእ፡-

- ኣብ ኣብዝሓ ሰልፍታት ዝዋሰኣሉ ስርዓት ዝተሰረተ ቅዋማዊ መንግስቲ ብህዝቢ ኤርትራ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ክሳብ ዝምረጽ፤ ብኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ካልኦት ኣካላትን ዝቐውም ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ ሃገራዊ ሓድነት ክቐውም ምጽዋዕ። እዚ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ሓይልታት፡ ሰልፍታትን ጕጅለታትን ናይ ምግጫውን ምውቃዕን ተርእይቶታት ከየጋጥም ብሓደ ሸነኽ፤ ናይ ስልጣን ባዶነት ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ ከይፍጠር ዝሕግዝ ኣገባብ ኢዩ።
- ኣብ ኣህጕራዊ ውዕላትን ኣዋጃትን ሰፊሩ ዘሎ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር።
- ናይ ፖለቲካውን ናይ ሕልናን እሱራት ብዘይ ቅድመ-ኵነት ብቕጽበት ምፍታሕ ወይ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከምዝቐርቡ ምግባር።
- ነዚ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል ሽፋን ዝካየድ ዘሎ ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ናይ ኣስገዳድ ዕስክርና መደብ ደው ከምዝብልን፤ ኣብ መጻኢ ብመሰረት ቅዋም ኤርትራ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ እተመርጸ መሪሕነት ጥራሕ ከምዝሰላሰልን ምግባር።
- ናይ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ከምዝኽፈትን ስርሑ ከምዝጅምርን ምግባር፤
- ናይ ኤርትራውያንን ወጻእተኛታትን ሲቪላውያን ማሕበራት ናብ ኤርትራ ክኣትዋ ምፍቃድ።
- ካልእ ጠለባት ምምላእን።

እዞም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ዕላማታትን ስጕምትታትን ብሓበራ፡ ገለ ካብቶም ኣብ ሃገርና ለውጢ ንምምጻእ ዝሕግዙ ረቛሕቲ እኳ እንተኾኑ፤ ካልኦት በብእዋኑ ዝግሃዱ ሓደስቲ ምዕባለታት ክህልዉን፤ ኣብ ዝግሃድሉ እዋን ድማ፡ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝኸውን መፍትሒታት ንምግባር ቅሩባት ኰይና ምጽናሕን ዝሓትት ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ከም'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እተኻየደ ጉባኤታት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ከምዝጠቐሶ፤ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ካልኦት ናይ ውሽጢ ተቓወምቲ ሓይልታትን ኣብ ጕድኒ ህዝቦምን ኣብ ክሊ ዲሞክራስያዊ ቅዋምን ደው ክብሉ ምድጋፎምን ምጽዋዖምን ከድሊ ኢዩ። ዕላማ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንልዑላውነትን ሓድነት መሬትን ኤርትራ፡ ንቅዋም፡ ንናጽነትን ሰላምን ዲሞክራስን ህዝቢ ኤርትራን ንሃገራዊ ረብሓን ምክልኻል ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ "ኣብ ዝሓለፈ እዋን ንህዝብኹምን ንሃገርኩምን ዝነበርኩም ተወፋይነትን ፍቕርን ኣመስኪርኩም ኢኹም። ንዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ዘለኩም መብጽዓታት ውን ኣርኢኹምና ኔርኩም ኢኹም።
እንተኾነ ግን፡ ሃገር፡ ርግኣት፡ ናይ ግዳም ጸላእቲ ...ወዘተ ብዝብል ምስምስ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ከተዓሻሽወኩምን ክጠልመኩምን ጸኒሑ ኢዩ። ንዲሞክራሲ ዝጻረርን ንጭቆና ዝጣበቕን ተደጋጋሚ መደረታት በቲ ስርዓት ክውሃብ ከምዝጸንሐ ውን ዝዝከር ኢዩ። ንዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ዝገበርክምዎ መሰረታዊ መብጽዓታት ሕጂ ውን ህያው ኢዮም ዘለዉ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ መንጎ'ቲ ጨቋኒ ስርዓት ኤርትራን ኣብ መንጎ'ቲ ጭቁን ህዝቢ ኤርትራን ዘሎ ዓቢ ፍልልይ ብግቡእ ክትግንዘብዎ ንጽውዓኩም። ኣብ መንጎ'ቲ ኣረሜናዊ ተግባራት ናይ ስርዓት ኢሳያስን ኣብ መንጎ'ቲ ኵነታት መነባብሮኡ ትሕቲ ባይታ በጺሑ፡ መሰረታዊ መሰላቱ ተሓሪሙ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራን ዘሎ ፍልልይ ክትርድእዎ ንጽውዕ። ጅግንነትን እምነትን ተዓጢቕኩም ንፍርሕን ሓደጋን ውግእን ዘሰዓርኩም ምዃንኩም ኣይትረስዑ። ሎሚ ውን፡ ኣካል ናይ ለውጢ ክትኰኑ ዘኽእለኩም ብቕዓትን ክእለትን ኣለኩም።

ኣምላኽ ንሃገርናን ንህዝብናን ይባርኽ
ኣምላኽ ንዓኹምን ውን ይባርኽ
ብሓባር ተቓሊስና ክንዕወት ኢና።

# ዓወት ናይ ባራክ ኦባማ፣ ልዑል መርኣያ ናይ ኣዎንታዊ ለውጢ እዩ። ኤርትራውያን ካብዚ እንታይ ንመሃር፧

ባራክ ኦባማ ፕረሲደንት ናይ ኣመሪካ ኮይኑ ብምምራጹ ኣብ ዓለም ሓድሽ ምዕራፍ ከፊቱ ኣሎ። እዚ ውጽኢት ምርጫ'ዚ ኣብ ኣመሪካውያን ጋህዲ ክኸውን'ዩ ኢሉ ዝኣመነ ኣይነበረን፡ ዋላ እቶም ጸለምቲ'ውን ምስተጋህደ፤ ነቲ ዝሕለፍዎ ጭቆና እናዘከሩ ናይ ታሕጓስ ንብዓቶም ኣውሒዞም እዮም። እቲ ድንጉር ኣረዳድኣ ንጸሊም ኣትሒቱ ዝርእን ዝመዝንን ሓንሳብ ንሓዋሩ ተቐይሩ እነሆ። ዓወት ናይ ኬንያዊ ኦባማ ንኻልኦት ኣፍሪቃውያን ይኹን እስያውያን ኣፍደገ ዝኸፈተ ምኳኑ ይዝረበሉ ኣሎ። ኤርትራዊ'ውን እንርእየሉ ጊዜ ክመጽእ ይከኣል እዩ።



President elect Barack Obama

**ባራክ ኦባማ መን'ዩ፧**

ባራክ ኦባማ ካብ ከንያዊ ኣቡኡ ባራክ ሑሴን ኦባማ ካብ ጻዕዳ ኣመሪካዊት ኣዲኡ ኣን ዳንሃም ብ4 ነሓሰ 1961 ዓ.ም. ኣብ ሃዋዪ ዝተባህለ ኣውራጃ ናይ ኣመሪካ ተወሊዱ። ባራክ ወዲ ክልተ ዓመት ከሎ ኣቡኡ ንዝለዓለ ትምህርቲ ኣብ ሃርቫርድ ዩኒቨርሲቲ ክቕጽል ምስወድአ'ውን ንኬንያ ስለዝተመልሰ፡ ባራክ ምስ ኣመሪካውያን ኣዲኡን ኣቦሓጎን እነሓጎኡን ዓብዩ። ብልዑል ፍቕርን ክንክንን ትምህርትን ስለዘዕበዩዎ፤ ከምኡ'ውን በሊሕ ስለዝኾነ ናይቲ ዝመሃረሉ ዝነበረ ሃርቫርድ ዩኒቨርሲቲ ማሕበር ተመሃሮ "ሃርቫርድ ሎው ረቪው" ናይ መጀመርያ ጸሊም ፕረዚደንት ኮይኑ ኣገልጊሉ።

ድሕሪ ምምራቑ ኣብ ክንዲ ብዙሕ ገንዘብ ዝኽፈለሉ ስራሕ ምሓዝ፤ ነቶም ኣብቲ እዋን'ቲ ብሰንኪ ናይ ዝሰርሑሉ ዝነበሩ ምስናዕ ሓጺን ምዕጻው ካብ ስራሕ ተሳናቢቶም ኣብ ቍጠባዊ ቅልውላውን ሞራላዊ ጭንቀትን ዝወደቑ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ፤ መብዝሕትኦም ጸለምቲ ኣመሪካውያን ምስ ከንቲባን ባይቶን ናይ ከተማ ቺካጎ ብምትሕብባር፤ ወዲቡ እናኣለየ ኣብ ካልእ ስራሓት ከምዝኣትዉን ናብ ሰናይ መነባብሮኦም ከምዝምለሱን ዝሓገዘ ውፉይ ተጋዳላይ ኔሩ። ቅድሚ ሎሚ ፕረዚደንት ናይ ኣመሪካ ኮይኑ ምምራጹ፤ ፕሮፌሶር ናይ ሕጊ፤ ኣብ ኣውራጃ ኢሊኖይ ኣባል ፈጻሚ ባይቶ ቀጺሉ'ውን ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣባል ሰነይት (ፈጻሚ ባይቶ) ኰይኑ ኣገልጊሉ እዩ።

ባራክ ነቲ ንፕረዚደንት ዝበቅዕን ተውህቦ ዘለዎን ጻዕዳ ጥራይ እዩ ዝብል ድንጉር ኣረዳድኣን ዓጋቲ መናድቕን ሓንሳብ ንሓዋሩ ቀንጢጥዎ ኣሎ። ባራክ ኣብምንታይ እያ ሓይሉ ንዝብል ሓታቲ፤ ኣብ ቆርበቱ፤ እምነቱ ወይ መበቆሉ ከምዘይኮነ፤ ኣበይ'ድኣ፤ ኣብ ሓንጎሉ ከምዝኾነ'ውን ብሰንጣቒ ንህዝቢ ዓለም ኣግሂዱሉ እነሆ። ባራክ ኣብ ልክዕ እዋን ምውላድ ብረታዊ ተጋድሎ ሰውራና ስለዝተወልደ፡ ዝተወልደሉ እዋን ከምረቛሒ ናይ ብልሑን ብቕዓቱን ኣብ ጸብጻብ ከነእትዎ እንተኾንና፡ ሽዑ ዝተወልዱ ኤርትራውያን ንኤርትራ ካብ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ንኸውጽኡ፤ ባዕሎም በሎኽ ኢሎም ክመጹ ወይ ከነናድዮም ከድልየና እዩ።

ባራክ ነቲ ኣብ ስሳታት በቲ ውሩይ መራሒ ናይ በርጌሳዊ መሰል ምንቅስቓስ፤ ጸሊም ኣመሪካዊ ማርቲን ሉተር ኪንግ፤ ከምኡ'ውን ናይ ፍትሕን ማዕርነትን ተጣባቒ ዝኾነ ሮበርት ኤፍ ከነዲ "ድሕሪ ኣስታት 40 ዓመታት ጸሊም ፕረሲደንት ኮይኑ ክምረጽዩ ኢሎም ዝተተንበይዎ" ጋህዲ ጌሩዎ። ኣብ ተስዓታት ኣባል ኣፍሪካን ናሽናል ኮንግረስ (ኣ.ኤን.ሲ) ንጸረ ፈላላዩ ዓሌትን ሕብርን ስርዓት ኣፓርታይድ ተቓዊሙ ንፍትሕን ማዕርነትን ዝተዓጥቀ ተጋዳላይ ኔልሶን ማንዴላ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ንዝወረዶ ናይ 27 ዓመታት ማእሰርትን ስቓይን ተጻዊሩ፤ ብጽንዓቱ ናይ ዓለም ፈተውቲ ፍትሕን ማዕርነትን ኣለዓዒሉ፤ ንስርዓት ኣፓርታይድ ኣላሽ ኣቢሉ

ፕረሲደንት ናይታ ሃገር ኮይኑ ብህዝቢ ተመሪጹ፤ ብማዕርነት ናይ ኩሎም ዜጋታት ዘዕቆበ ቅዋም ክመርሕ ጸኒሑን ንሳልሳይ ጊዜ ኣሰሩ ዝኸተሉ መራሕቲ ተመሪጾም ብሰላምን ፍትሕን ራህዋን የመሓድሩ ኣለዉ። ዓወት ናይ ኦባማ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዓለምና ክዝውተር ዝጸንሐን ዘሎን ብድሆታት ኣነኣእስን ድንጉርን ኣረዳድኣ ብምስባር ብደረጃ ፕረሲደንት ናይ ሓያል ኣመሪካን ልዑል ቦትኣ ኣብ ዓለምን መራሒ ብምዃን ንፍትሕን ማዕርነትን ደቂ ሰባት ዘኽብርን ናብ ባህርያዊ ቦትኡ ዘትሕዝን ምዃኑ ኣየጠራጥርን።

ባራክ ኦባማ ንካብ ሸውዓተ ንላዕሊ ተወዳደርቲ ካብ ሰልፉ "ዲሞክራቲክ ፓርቲ" ስዒሩ ናይ ሰልፉ ሕጹይ ንፕረዚደንትነት ተመሪጹ፡ ኣብዚ ውድድር'ዚ ንሰነይተር ሂላሪ ክሊንተን ብጸቢብ እዩ ስዒርዋ። እንዳ ክሊንተን፤ ነቲ ምስ ናብ ስልጣን ክመጹ ዝሓገዞም ጸሊም ሕብረተ-ሰብ እሞ ከም መሓዝኦምን ሓላይን ኰይኑ ዝጸንሐ ዝምድና ሓሺሾም፤ ንባራክ ከም ሰባኽን ተሰፋ ዝማባጻዕን እምበር ተሞክሮ ምምራሕ ዘይብሉ፡ ቅድሚ ሕጂ'ውን በዓል ጀሲ ጃክሰን'ውን ፈቲኖም ነይሮም'ኳ እዮም፡ እዚ'ውን ፈቲኑ ንመበሊ እዩ ኢሎም ጸሊም ይፍትን'ምበር ኣይምረጽን'ዩ ዝብል ድንጉር ኣረዳድኣ ናይ ህዝቢ መዝሚዞም ኣቒናጺቦም ክሓልፍዎ ፈቲኖም፤ ግን ብስዕረቶም ሓፊሮም ኣብ መወዳእትኡ ግን ንኹሉ ንታሪኽ ገዲፎም ኣብ ጎኒ ኦባማ ኮይኖም ንረፑብሊካን ተወዳዳሪ ጆን ማከይን ክስዕሩን ኦባማ መበል 44 ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ፕረዚደንት ኰይኑ ንኽምረጽ ከዐውቱ በቒዖም።

**ኦባማ ክምረጽ ዘብቅዖ ረቛሒታት እንታይ እዩ፡**

ኦባማ ንታሪኽን ህልዊ ኩነታት ኣመሪካን ምስ ዓለም ዘለዋ ዝምድናታትን ብግቡእ ዝመዘነን ዝተገንዘበን ኮይኑ፤ ኣመሪካ ካብ ተሸሚማቶ ዘላ ጸገም ዘውጽእ ራኢን ስእልን ብብሩህ ኣቕሪቡ፤ ብሓድሽ ናይ ለውጢ ጭርሖ "እወ ይከኣል'ዩ! Yes we can" ኣሰንዩ ጽዑቕ መደረታት ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት ኣላዒሉን ሰፊሕ ደገፍ ረኺቡን። ኦባማ ንስርዓት ቡሽ ብፍሽለት ክኸሶ ኸሎ፤ ከምዚ ዝስዕብ እናበለ መተካእትኡ ድማ ይእምም።

ፕረዚደንት ቡሽ ነቲ ሓደገኛ ኣሸባሪ ቢንላደን ምህዳን ገዲፉ፤ ጭቡጥ መርትዖ ዘይብሉ ንዒራቕ ወሪሩ ኣብ ዘይውዳእ ውግእን ከቢድ ዓቕን ናይ ሂወትን ገንዘብን ከምዝባኽን ምግባሩ፡ እዚ ዘስዓቦ ቊጠባውን ዲፕሎማስያውን ቅልውላው ከቢድ ክሳራ ንሕጂን መጻኢ ወለዶን ዝህድድ ስለዝኾነ፤ መፍትሒ ክንገብር ይግብኣና። ሰራዊትና ካብ ዒራቕ ክምለሱ ኣለዎም፤ እቲ ኣብኡ ዝጠፍእ ቢልዮናት ዶላር ድማ ኣብ ምህናጽ ቊጠባ ሃገርና ይውዕል።

እቲ ንኣመሪካ ቊጠባ ዝሃንጽ ቀንዲ ኣፍራዪ ፋብሪካታትን ናይ ንግድን ኣገልግሎትን ትካላትን ምንቅስቓስ ክዝሕልን ክዕጸን፤ ንወጻኢ ኣውፈርካ ምትካሉን፣ ምስኡ'ውን ማእከላይ ደርቢ ሰፊሕ ርሂጸ-በላዕ ካብ ስራሕ ወጻኢ ክውዕልን ከሎ፤ ዝፈርስ ስድራታትን ማሕበረ ኮማትን ሳዕቤናቱን ሱር ኣብ ምስዳድ ይርአ ስለ ዘሎ፤ ለውጢ ዝጥለበሉ እዋን እዩ።

ደረጃ ዓይነት ትምህርቲ ካብ መባእታ ክሳብ ኮለጅ እናተዳኸመ፣ መማህራን ብግቡእ ይኽፈሉን ይእለዩን ዘይምህላዎም፤ ብናይ ዕስራ ክፍለ ዘመን መሳርሒ ንዕስራን ሓደን ክፍለ-ዘመን ክትገጥም ስለዘይከኣል፣ ስነፍልጠትን ስነ-ኪነትን ዓቕምና ኣብ ክንዲ ንላዕሊ ኣብ ምንቁልቋል ምህላዉ፤ ከነማሓይሾን ክንልውጦን ንጥለብ። ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንኹሉ ዜጋ ብማዕርነት ክቐርበሉን ክጥቀመሉን ኣለዎ። ነዚ ምርግጋጽ ዋግኡ ከቢድ'ኳ እንተኾነ፡ ንካብ 250 ሽሕ ዶላር ንላዕሊ ዓመታዊ እቶት ዘለዎም ሃብታማት ቀረጽ ብምውሳኽ ክሽፈን ይከኣል እዩ።

ነኣሽቱን ማእከሎትን ፈጠርቲ ስራሕ ዝኾኑ ርእሰማላውያን ንምትብባዕ ናይ ቀረጽ ምጒዳል ስጉምቲ ክንወስድ ኣሎና፡ ን95% ሰራሕተኛታት ሃገርና ካብ ንመንግስቲ ዝኸፍልዎ ቀረጽ ክንቅንሰሎም ከሎና ን5% ንሃብቲ ሃገር ገቢቶም ዘለዉ ሃብታማት ግን ካብ ዘለዎ ዝያዳ ከምዝኸፍሉ ክንገብር ኢና። ናይ ረፑብሊካን ፓርቲ ቊጠባዊ ፍልስፍና "እቲ ሃብታም ምስረብሐ ስራሕ ይፈጥር፤ ካብኡ እዩ ሓፋሽ ስራሕን ደሞዝን ክረክብ ዝኽእል፡ ስለዚ ኵሉ ጊዜ ትሕት ወይ ካብ ቀረጽ ናጻ ክኸውን ኣለዎ" ዝብል ተኸቲሎም ንሃገራዊ ቊጠባና ኣብ ቅልውላው ኣእትዮሞ ይርከቡ። እቲ ቅኑዕ ፍልስፍና "ዓንዲ ሕቖ ናይ ቊጠባ ሰፊሕ ሰራሕተኛ ስለዝኾነ ንሱ ዝወፍረሉን ኣፍራዪ ዝገብሮን ፍልስፍና እዩ'ቲ መፍትሒ። ነዚ ዘሎ ኣገባብ ድማ ክንልውጦ ኢና።

ተመሃሮ ኮለጅ ትምህርቶም ዝከታተልሉን ዝውድኡሉን ምቹእ ኩነታት ምፍጣር፤ ምስተመረቑ ድማ ብግቡእ ዝኽፈሉሉ ስራሕ ከምዝረኽቡ ምግባር። ጥሮታ ዝወጹ ናይ

ጥሮትኦም ከምዝረኸቡን፤ ወታደራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸሙ ምጥያስን፤ ኣረጋውያን ክጽወሩን ዝምልከተን ትካላትና ብጽፈት ከምዘካይድኦን ባጀተን ዝተማልአ ክኸውንን ምክትታል።

ካብ ወጻኢ እነምጽኦ እናኸበረ ዝኸይድ ዋጋ በንዚን፤ ንከባቢና በኪሉ ግሎባዊ ሙቐት እናዛየደ ንዥንታት ጥዕናን ድሕነት ምድርን ጸጥታናን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስለዝኾነ፤ ብዘመናዊ ተክኖሎጂ ዝማዕበለ ካብ ንፋስን ማይን ጸሓይን ዝምንጩ ሓይሊ ጌርና ክንትክኦ ኣኸእሎ ኣለና። ደቀንስትዮ መሰለን ኣብ ስራሕን ንሓደ ዓይነት ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ምስ ደቂ ተባዕትዮን ክነረጋግጽ ኢና።

እዚ ብዝርዝር ዘቕረቦ ጉዳያት ብስርዓት ቡሽ ዝተጠልመን ወይ ዝተዳኸመን ስለዝኾነ፤ እቲ ጠለብ ብመሰረቱ ጠለብ ናይ ህዝቢ እዩ። ህዝቢ ነዚ ብመትከል ሒዙ ምምሕያሽን ለውጥን ዘምጽኣሉ መራሒ እዩ ክመርጽ ዝደሊ፡ ኦባማ ብብቕዓቱን ተኣማንነቱን ካብ ካልኦት ጸብለል ኢሉ ስለዝተረኸበ ዝልዓለ ድምጺ ረኺቡ ክምረጽ ክኢሉ።

ከምቲ ኣብ ካልኦት ባህልታት ዝርአ፡ ንመራሒ መበቆሉ፤ ዓሌቱ ወይ እምነቱ መሰረት ብምግባር ምርጫታት ዝካየድ ኣብ ኣመሪካ'ውን ሕብሪ ቆርበት ደሚርካ ንመን ድምጽኻ ትህብ ይጽሎ እዩ። ኣመሪካ ብፍላይ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ዝሓለፈ ምርጫታት ከቢድ ብድሆ ገጢሙዋ። ነቲ ብድሆ ብንቕሓትን ተውፋይነትን ሰጊሮሞ ክበሃል ይከኣል። ኣብ ኣመሪካ ድምጻይ ንጸሊም ኣይህብን'የ ዝብሉ ኣብ ናይ ረድዮን ተለቪዥንን ብጋህዲ ዝበሉ ውሑዳት ኣይነበሩን። ረፑብሊካን ተወዳዳሪ'ውን ንኸምዚኦም ዝመሰሉ ድሑራትን ምኩሓትን ንምኽሳብ ዝተፈላለየ ሜላ ካብ ምጥቃም ኣይተቐጠቡን። ህዝቢ ኣመሪካ ብፍላይ ካብ ኮለጅ ንላዕሊ ዝተማህሩ ክንዮ ዓሌትን ሕብርን ኣርሒቖም ዝመዝኑ ንብቕዓት ኦባማ ተቐቢሎም፡ ብምልዮናት ዝቍጸሩ ኣባላት ዘለወን መሪሕነት ማሕበር ደቀንስትዮ ብመትከል ንረብሓናን መሰልናን ዝጣበቕ ኦባማ ደጊፍና'ሎና ኢለን፡ ሓድሽ ወለዶ መንእሰያት መጸኢና ብኦማ ስለንርእዮ ንዕኡ ንድግፍ ኢሎም። ከደራይ ሕብሪ ዘለዎም ስፓኛውያን'ውን መብዝሕትኦም ንኦባማ ደጊፎም፡ ብጫ እስያውያን'ውን ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ንሕጹይ ደሞክራቲክ ፓርቲ ኣድሚጾም። ኣፍሪቃውያን ዝመበቆሎም ካብ 99% ንላዕሊ ብሓበን ንኦባማ ኣድሚጾም።

ናይ ኣማሪካ ህዝቢ ኣብ ሰልፍታት ደሞክራሲን ረፑብሊክን ዝተወደበ ኮይኑ ውሑዳት ኣብ ግሪን ፓርቲ ገለ ነኣሽቱ ሰልፍታት ዝስዕቡ'ውን ኣለዉ፡ ኣብ ኩሉ ዘይተወደበ ኢንደፐንደንት ወይ ጸግዒ ዘይብሉ ዝብሃሉ'ውን ልዕሊ 10% ዝኾኑ ኣለዉ፤ እዚኦም ናብ ዝዓገብሉ ስለዘድምጹ ነቲ ሚዛን መን ይዕወት ማለት ደሞክራቲክ'ዶ ወይስ ረፑብሊካን ዝውስኑ እዮም፡ ስለዚ ክልቲኦን ሰልፍታት ክኸስብኦም ላዕሊ ታሕቲ ይብላ እየን። ኣብዚ ዓመት'ዚ መብዝሕትኦም ንኦባማ መሪጾም።

**ኦባማ ዘጋጠሞ ብድሆታት፡**

ኦባማ ኣብ ታሪኹ ይኹን ኣብ ስርሑን ብቕዓቱን ክርከብ ዝኽእል ጌጋታት ንምርካብ ዘይፈንቀልዎ እምኒ ኣይነበረን፡ ክረኽቡ ስለዘይከኣሉ ድማ ንዘይመሰረታዊን ድሑርን ጉዳያት ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ከልዕሉ ፈቲኖም፡ ማእከላይ ስሙ ሑሴን ስለዝኾነ ኣስላማይ እዩ፤ ፕረሲደንትና ክኸውን ድሕነትና የስግኣና እዩ ዝብል በቲ ጥሩፍ ዜናዊ ሽንኻት ብምዝርጋሕ ኣብ ህዝቢ ምጥርጣር ክፈጥሩን ከትርፍዎን ፈቲኖም። እቲ ሊበራል መድያን ዲሞክራቲክ ፓርቲን ከምኡ'ውን ባዕሉ ኦባማ በዲሆም ነቲ ነዚ ዘዋፍር ሽንኻት ኣብ ምክልኻልን ሕፍረትን ኣእትዮሞም፡ እዚ ተግባራት'ዚ ካብ ዘቘጥዖ ረፑብሊካዊ ጀነራል ኮሊን ፓወል ንኦባማ ከድምጽ ምኽኑ ክእውጅ ከሎ ዝሃቦ ምኽንያት "ኦባማ ንህዝቢ ኣመሪካ ብሰላምን ፍትሕን ጠርኒፉ ክመርሕ ዝኽእል ብቑዕ መራሒ እዩ። ፓርትና ብጽበት ይንቀሳቐስ ኣሎ፡ ኦባማ ክርስትያን ምኻኑ ሕቶ የብሉን፡ ዋላ ኣስላማይ እንተኾነ'ሽ እንታይ ኣለዎ፡ ኣብ ኣመሪካ ኣስላማይ ናይ ምኻን ጸገም ኣሎ ድዩ ክብል በነድሪ ጋዜጣዊ መግለጺ ጌሩ።" ካብዚ ክንምሃሮ እንኽእል ብዙሕ'ዩ፡ መዐቀኒ ናይ ብቑዕ መራሒ እምነቱ፣ መበቆሉ ወይ ሕብሩ ከምዘይኮነ እዩ። እዚ ኣብ ነብሲ ወከፍ ሃገር ይኹን ሰልፊ ክስርሓሉ ዘለዎ መዐቀኒ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ኤርትራ ዋላ'ኳ ሃገራዊ ምርጫ ክሳብ ሕጂ እንተዘይተኻየደ፡ ኣበዩ ዓዱ እንታዩ ሃይማኖቱ ወይ ብሄሩ ከይበልና ብሃገራውነቱን ቅኑዕ ፖሊቲካዊ ፍልስፍናኡን ክንዕቅኖን ክንመርጾን ድሉዋት ክንከውን ኣሎና።

**እንታይ እዩ'ቲ ምስጢር ናይ ዓወቱ፡**

ዲሞክራቲክ ፓርቲ ስጡም ሓድነቱ ብምርግጋጽ ንመንእሰያትን ሰራሕተኛታትን ምሁራትን ደቀንስትዮን ካብ ዝሓለፈ እዋናት ብዝያዳ

ጎስጉሱን ናብ ምርጫ ከድምጹ ኣለዓዒሉን። እዞም ዝተጠቕሱ ኣካላት ናይቲ ህዝቢ'ውን ካብ ዘንቀልቁል ዘሎ ቍጠባን ምረትን ንምግልጋል ተሳቲፎም። ንኣባማ ኣብ ስልጣን ዘምጽኦ ክእለቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣባልነቱ ኣብ ደሞክራቲክ ሰልፊ ብምዃኑ እዩ። እሞ ኤርትራውያን'ውን ኣብ ንኣምነሉ ካብ ዘለዋ ኣብዝሓ ሰልፍታት ተወዲብና ተቓሊስና'ዶዩ ኣድሚጽና ሃገራዊ ጸገምና ክንፈትሕን ብሰላምን ፍትሕን ክንነብር መልሱ ተወደብ!! ተወደብ!! እዩ።

### ኣብ ኣመሪካ ዝተመዝገበ ለውጢ፤ ኣብ ኤርትራ ክግበር ይከኣል'ዶ፡

ኣመሪካን ኤርትራን ሓደ ዝኾናሉን ዝፈላለያሉን ሓቅታት ኣሎ፡ ኣመሪካ ብስፍሓቱ ሓደ ክፍለ-ዓለም'ዩ፤ 52 ስተይትስ (ኣውራጃታት) ገሊኣን ኣውራጃታት ካብ ኤርትራ ይዓብያ እየን፡ ኣብ ዓለም ኣሎ ዝበሃል ዓሌትን ሕብርን እምነትን ሓቝፉ ይነብር፡ ልዕሊ 200 ዓመት ዝገበረ ናጽነት ብቕዋም ዝመሓደር፤ ኣብ ኣኣርባዕተ ዓመት ምርጫ ፕረዚደንትን ባይቶን ዝካየደላ ሃገር'ያ፡ ሃብታምን ዝማዕበለትን'ያ። ኤርትራ ግን ሓዳስ ሓራ ዝወጸት ቕዋም ይኹን ብምርጫ ህዝቢ ዝተመርጸ መንግስቲ ዘይብላ፤ ብተክኖሎጂ ዘይማዕበለትን ድኻን ሃገርን እያ። እዚ እቲ ዝፈላለየን'ዩ።

እቲ ሓደ ዝገብረን ግን፤ ክልቲኣን ልዑላውያን ሃገራት'የን፡ ብሰላምን ዲሞክራሲን ፍትሕን ክነብር ዝግብኦ ህዝቢ ኣለወን፡ ስለዚ ብቕዋም ዝመሓደር ስርዓት፡ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣርባዕተ ዓመት ምርጫ ፕረሲደንትን ባይቶን እናካየዳ፤ ደረት ስልጣን ዝነጸረ ብግሉጽን ብልዕልና ሕጊ ዝምራሕ መንግስትን የድልየን። ኣመሪካ ብግብሪ ትሰርሓሉን ንዝተብላሸወን ዝተፈጸመ ጌጋታትን እትእርመሉ መካኒዝም ኣለዋ፡ ምስ መድረኽ ዝኸይድ ለውጥታት ንምምዝጋብ ድማ ብምርጫ ህዝቢ ይውሰን። እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ኤርትራ የለን። ኣብ ኤርትራ ክግበር ይከኣል'ዶ፡ ብዘይ ጥርጥር እወ ይከኣል እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንገዚፍ መግዛእታዊ ሓይሊ ብመስዋእትነቱ ስዒሩ ሃገራዊ ናጽነቱ ዘረጋገጸ፤ ኣብ ዓለም ዘመስከረ ጅግና ህዝቢ ብዲክታቶር ኢሳያስ ክሕመስን ክርመስን ዘሕዝን ጥራይ ዘይኮነ፤ ህዝባ ብማእሰርትን መቕተልትን ጥሜትን ዓቕሉ ጸቢብዎ ራሕሪሕዋ ይስደድ ኣሎ፡ ዘረጋገጽናዮ ዓወትን ናይ መጻኢ ወለዶን ኣብ ሓደገኛ ኵነታት ይርከብ። ኣመሪካውያን ቡሽ ዘበላሸዎ ምሕደራ ክዐርዩ ንኣባማ መሪጾም ኣለዉ፡ ኤርትራውያን'ከ እንታይ ንግበር።

# ካዕባዊ ሓድነትን ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ኣልጊሱ ብዲሞክራስያዊ ስርዓት ናይ ምትካእ ዕላማ ዘለዎም 13 ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ዝጥርንፍ ጽላል ኢዩ። ኤርትራውያን ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ሓደ ጽላል ክጣራነፉ ዝመራጸሉ ካልእ ምኽንያት ድማ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ውድባት ዘሎ ነዊሕ ግዜ ዝቐጸለ ውድድርን ህልኽን ንምእላይን፣ ናይ ዕርቅን ኣፈታትሓ ግርጭታትን ባህልታት ወይ መካኒዝም ንምምዕባልን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ንሓባራዊ ዕላማታት ንምዕዋት ተዋሃሂደን ዝሰርሓሉ ጽላል ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ እዚ ኪዳን'ዚ፡ ኣብ መንጎ ውድባት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ ዝምድናታት ንምሕያልን፤ ኣብ መንጎ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ወይ ስነ-ሓሳብ ዘለወን ውድባት ድማ ናይ ምጽንባር ዕድላት ክህሉ ዝሕግዝ ጽላል ወይ መሳርሒ ውን ኢዩ። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ቅኑዕ ተረድኦ እንተደኣ ተበጊሱ፡ ናይ ህዝብና ቈላሕታ ክረክብን መሰረታቱ ከስፍሕን ተኽእሎታት ኣሎ።

እዚ ክበሃል ከሎ ግን፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ጸገማት ወይ ፍልልያት የብሉን ማለት ኣይኮነን። ስለዚ'ዩ ድማ፡ ቻርተሩ፡ ንዝተፈላለየ ርእይቶን ሓሳባትን ኣይዲዮሎጂታትን ናይ ኣባላት ውድባት ዘስተናግድ መታን ክኸውን ጥንቑቕ ምድላዋት እተገብረሉ። እዚ ፍልልያት'ዚ፡ ብዝተወሰነ ደረጃ፡ ገለ ጸገማት ኣብ መንጎ ሓይልታት ምሕዝነት ክፈጥርን፤ ኪዳን ሓያል ደራኺ ሓይሊ ንኸይክወንን ዕንቅፋታት ክፈጥርን ጸኒሑ ኢዩ። ኣብ ሕሉፍ ትመክሮ ምሕዝነት፡ ገለ ካብ'ዚ ጸገማት'ዚ ጠንቁ፡ ንፖለቲካውን ኣይዲዮሎጂካውን ብዙሕነትና ኣብ ክሊ ጽላል ምሕዝነት ብግቡእ ክንማሓድሮ ዘይምኽኣልና ኢዩ። ህልዊ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ግን፡ ብመጠኑ ነዚ ፍልልያት'ዚ ከሳስዮ ፈቲኑ ኢዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ኣባላት ውድባት ኪዳን ብሓባር ክሰርሑ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ መንጎ ኣባላት ውድባት ኪዳን ኣወንታዊ ዝኾነ ናይ ምውህሃድ ስርሓት ይርአ ኣሎ። ገለገለ ውድባት ውን ናብ ምጽንባር ገጺም የምርሑ ኣለዉ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካዊ ምውህሃዳት ንሓይሊ ተቓውሞ ዘጠንክር ብሓደ ሸነኽ፤ ብኻልእ ሸነኽ

ከኣ፡ ነቲ ናይ ውድባት ብዝሒ ዝንኪ ስለዝኾነ ኣወንታዊ ኢዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ንኤርትራን ህዝባን ዝሀድድ ዘሎ ቅልውላዋት፡ ሓያል ኪዳን ብምፍጣርን፣ ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ብዝፈጥርዎ ሓድነትን ጥራሕ ኢዩ ክብዳህ ዝኽእል።

ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክርስያዊ ኪዳን፡ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ቻርተርም ዘስፈርዎ ሓባራዊ ፖሊሲታትን ሓባራዊ መደብ ዕዮን ተመርኲሶም ኢዮም ዝሰርሑ። እዞም ናይ ሓባር ስምምዓትን ፖሊሲታትን ከኣ ኢዮም ንጸጋታት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኣውሃሂዶም፡ ንደምበ ተቓውሞ ኣብ ምሕያል ክውዕሉ ዝኽእሉ። ንኣብነት፡ ኣባላት ውድባት ኪዳን፡ ንስርዓት ኤርትራ ምውዳቕን ካልኦት ብዙሓት ናይ ሓባር ፖሊሲታትን ኣለዎም። ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ነፍስወከፍ ኣባል ውድብ ኪዳን፡ ነቲ ጽላል ብዘየዳኽም ኣገባብ፡ ብውልቃዊ ደረጃ ይኹን ካብኡ ንላሊ ብደረጃ ውድባት ወይ ሰልፍታት ናይ ገዛእ ርእሱ ንጥፈታት ከካይድ ናጽነት ኣለዎ። ኣብ መንጐ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

ገለገለ ሰባት ግን፡ ነዚ ኣብ መንጐ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት፡ ከም ንኪዳን ምጽራር ገይርም ክገልጽዎ ይስምዑ ኢዮም። ገለ ድማ፡ ንፖሊስታትን ፕሮግራምን ናይ ኪዳን ዝፍሕቑ ተግባር ገይሮም ክገልጽዎ ይፍትኑ ኢዮም። ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ሕጽር ዝበለ መወከሲ ንናይ ኪዳን ፖሊሲታት፡ መደብ ዕዮታትን ስርሓትን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጐ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ምስ ኪዳን ዘለዎ ዝምድናታትን ምጥቃስ ኣድላዪ ኢዩ።

- ብቐዳምነት እዘን ክልተ ሰልፍታት እዚኣተን ዝኽተልኦ ፕሮግራምን ፖሊሲታትን፡ ሓደ ሰልፊ ወይ ሓደ ውድብ ንክኾኑ ዝደልዩ ስልፍታት ዘገልግል ኢዩ ክኸውን። ብተወሳኺ፡ እቲ እዞም ሰልፍታት እዚኣቶም ዝጥቀምሉ ቅርጺ ውን ካብ ቅርጺ ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተፈልየ ኢዩ።
- እዞም ሓደ ሰልፊ ንምምስራት ኣብ ጉዕዞ ዘለዉ ክልተ ሰልፍታት፡ ናብ ሓደ ሰልፊ ንምምጻእ ዘኽእሉ ሓደስቲ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ትካላትን መሳርሒታትን ክሃንጹ ኣለዎም። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ግን፡ ሓደ ሰልፊ ወይ ሓደ ውድብ ናይ ምህናጽ ዕላማ ወይ ራእይ ዘለዎ ኣይኮነን። ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብኣንጻሩ፡ ዝተፈላለየ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ተላፊኖም ክሰርሑ ኢዩ ዝጽውዕ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንውድባት ከም ውልቀ-ኣባላት ናይ'ቲ ጽላል'ዩ ዝፈልጠን። ኣብ ትሕቲ'ዚ ጽላል'ዚ ኰይነን፡ ኣብ ዝተሰማማዓሉ ሓባራዊ መደብ-ዕዮ ተቐይደን ክሰርሓ ድማ ይጠልበን።
- ብዙሕ ዓይነት ልፍንትታትን ምሕዝነታትን ክህሉ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ምእታው ውን ኣገዳሲ ኢዩ። ገለ ኣብ መንጐ ሰልፍታት ወይ ውድባት ዝህነጹ ልፍንትታት ኣብ ዝተሓተ ነጥብ-ስምምዓት ዝተሰረቱ ኢዮም። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ልፍንቲ፡ ልክዕ ከም ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ውድባት ናይ ገዛእ ርእሰን መንነትን ቅርጻን ሃልይወን፡ ንሓደ ውሱን ሓባራዊ ዕላማ ንምዕዋት ልፍንቲ ይገብራ። ካልእ ዓይነት ምሕዝነት ከኣ፡ ናብ ፖለቲካዊ ምጽንባርን ሓደ ቅርጻን ሓደ ፖለቲካዊ መንነት ዘለዎ ሓደ ሰልፊ ምምስራትን ዘብጽሕ ግዝያዊ መሰጋገሪ ልፍንቲ ክገብራ ይኽእላ። እዚ ኣብ መንጐ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ መንጐ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝግበር ዘሎ ዝምድና ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።
- ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣባላት የብሉን። እቲ ዝረኽቦ ደገፍ ካብ ኣባላት ውድባት ኪዳን ኢዩ። ስለ'ዚ ኣባላት ውድባት ኪዳን ንናይ ሓባር ዕላማታትን ንምዕዋት ናይ ገንዘብን ጕልበትን ካልእ ዓይነት ደገፋትን ከበርክታ ኣለወን። ኣባላት ውድባትን ሰልፍታትን ኪዳን፡ ነቲ ኣብ ቻርተር ዘስፈርኦ መደብ ዕዮ ኮነ ፖሊሲታት ይምእዘዛ ድየን? ከም ናተን ገይረን'ዶ ይወስድኦ ድየን? ብዝብሉ ሕቶታት ጥራሕ ኢድን ክምዘና ዝግባእ።
- ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ህላወን ቀጻልነትን ናይ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኣባላት ውድባቱ ኢዩ ዝምርኰስ ኢሉ ይኣምን። ንዓወት ናይ ኪዳን ዝድርኽ ካልእ ተኣምራታዊ ሓይሊ የለን። ዓወቱ ኣብ ተወፋይነት ናይ ኣባላት ውድባቱ'ዩ ዝምርኰስ። ኣብ መንጐ ሰልፊ ዲሞክራሲ

ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝብጻሕ ሓድነት ከኣ፡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘሐይልን፣ ካልኦት ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ናብ ሓድነት ክበጽሑ ዘተባብዕን ኣብነታዊ ተግባር ኢዩ ኢሉ ይኣምን።

- ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት ኣብ ገለ ሸነኻት ፍርሕን ጥርጠራታትን ኣሕዲሩ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እዚ ግን ክህሉ ኣይግባእን ብሃልቲ ኢና። ምኽንያቱ ሓድነት ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ነቲ ስኒትን ሓድነትን ኣብ መንጎ ኣባላት ውድባቱ ክህሉ ዝኣምን ቻርተር ኪዳን ዝምልእን ዘራጕድን ደኣ'ምበር፡ ንዕኡ ዝጻረር ኣይኮነን። ብተወሳኺ እዚ ክልተ ሰልፍታት'ዚ ሓደ ኣንተደኣኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ኤዲኪ ብዙሕ ሓድሽ ክስተታት ክጋሃድ ይኽእል ኢዩ። ንኣብነት፡ ካልኦት ውን ናብ ሓድነት ገጾም ከምርሑ ክድርኸ፤ ኣብ ክንዲ ውድድርን ህልኽን ናይ ስኒትን ዕርቅን መንፈስ ውን ከተባብዕ ይኽእል ኢዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምሕያል ብዝከኣሎ ዓቕሚ ክጽዕር ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕ፡ ናብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ኵሉ ዝከኣሎ ክገብር ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ውድባት ናይ ስኒትን ናይ ሰላምን ሃዋህው ክሰፍን እንተደኣኰይኑ፡ ሓድነት ኣገዳሲ መእተዊ ኢዩ ኢልና ስለእንኣምን። ሓድነት ሰዲኤን ሰህኤን ንመንፈስን ትሕዝቶን ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝጻረር ኣይኮነን።

ናይ ኤርትራ ፖለቲካ እምነ-ኵርናዕ ዝኾነ ዘላቒ ሓድነት ምርግጋጽ፡ ነቲ ብተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ቃልሲ ዘሐይል ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰልፍታት ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት፡ ንካልኦት ተቓወምቲ ንምርሓቕ፡ ንምዕብላል፡ ንምድቋስ ዝዓለመ ኣይኮነን። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ዝግበር ሓድነት፡ ንሞራል ናይ ህዝብና ክብ ዘብልን፡ ህዝብና ኣብ ተቓወምቲ ውድባት እምነት ከሕድር ዝገብርን፤ ንተሳትፎን ሓድነትን ናይ ካልኦት ዘተባብዕን ውን ኢዩ።

## ንቅዱስ ዕላማ፡ ቅዱስ ኢዩ ምባል፤ እንተ'ኽኢልካ ድማ፡ ኢድካ ምሕዋስ

ዲክታቶርያውያን፡ ናብ ስልጣን ዝመጽሉ ኣገባብን መልክዕ ምምሕዳራቶምን ዝተፈላለየ ይኹን ደኣ'ምበር፤ ንኹሎም ሓደ ዝገብሮም ባህርያት ኣሎ። ንሱ ከኣ፡ ስልጣን ንበይኖም ናይ ምብሓት ዘለዎም ድሌት ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ስልጣን ንምክፋል ዝግበር ጠለባትን ምንቅስቓሳትን፤ ወይ ንናይ ስልጣን ምብሓት ዝግበር ተቓውሞታትን ወቐሳታትን ብዓመጽ ኢዮም ዝምልስሉ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ ዲክታቶርያውያን፡ ካብ ርእይቶኦም ፍልይ ዝበለ ካልእ ርእይቶ ክጻወሩ ኣይክእሉን ኢዮም።

ብእግዚኣብሄር ዝተቐብእና መራሕቲ ኢና ብዝብል ምኽንያት፡ ካብ ወላዲ ናብ ውሉድን ቤተ-ሰብን እናተወራረሰ ዝመጽእ ናይ ንጉሳዊ ስርዓታት ዲክታቶርነት ኣሎ። ከም ናይ መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ኑመሪ፡ ሳሙኤል ዶ ... ወዘተ ዝኣመሰሉ ብወተሃደራዊ ዕልዋ ናብ ስልጣን ዝመጹ ዲክታቶርያውያን ውን ኣለዉ። ብምርጫ ኣቢሎም ናብ ስልጣን መጺኦም ዲክታቶርያውያን ዝኾኑ ከም በዓል ቻርለስ ተይለር ናይ ላይበርያ ውን ኣለዉ። ብህዝባዊ ሰውራ ኣቢሎም ናብ ስልጣን ዝመጹ እሞ ዲክታቶርያዊ ስርዓታት ደኺኖም ንህዞም ዝጭፍጭፉ መራሕቲ ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ምብራቕ ኣውሮጳ ዴሳውያን መራሕቲ፡ ናይ ኤርትራ መራሒ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፤ ናይ ዚምባብወ ሮበርት ሙጋበ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

መልክዕ ናይ'ቲ ምልኪ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፈላለ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ገለገለ ሃገራት እቲ ምልኪ ናይ ሰልፊ ኰይኑ፡ ብሓደ ውሱን ኣይዲዮሎጂ ዝድገፍ ኢዩ። ኣብ ምብራቕ ኣውሮጳ ዝነበረ ምልካዊ ስርዓት፡ ብስም ዴሳዊ ኣይዲዮሎጂ ዝመርሕ ዴሳዊ ፓርቲታት፡ ኣብ ኢራን፡ ብመንፈሳዊ ኣይዲዮሎጂ ዝምራሕ ናይ መራሕቲ ሃይማኖት ሰልፊ፤ ኣብ ዚምባብወ ድማ፡ ብሮበርት ሙጋበ ዝምራሕ ናይ ዚምባብወ ኣፍሪቃዊ ሃገራዊ ሕብረት (ZANU-PF) ዝተባህለ ናይ ተጋደልቲ ነበር ሰልፊ'ዩ ዝገዝእ ዘሎ።

ኣብ ገለገለ ካልኦት ሃገራት ድማ፡ እቲ ዲክታቶር ብመሰረቱ ሓደ ውልቀ-ሰብ ኰይኑ፡ ንምልኩ ብስም ሰልፍን ካልእ ሽፋናትን ክገልጾ ዝፍትን ኢዩ። ንኣብነት መንግስቱ ሃይለማርያም፡ ብደኻ ሃገርን ዓለምን ዝፍለጥ ኢሰፓ ዝብሃል ፓርቲ

እኳ ኣቑሙ እንተነበረ፡ እቲ ሓቀኛ ስልጣን ግን፡ ኣብ ኢድ መንግስቱን እቲ መንግስቱ ዝመስረቶ ሰደድ ዝብሃል ናይ ወተሃደራት ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ኤርትራ ውን፡ እቲ ሓቀኛ ስልጣን ኣብ ኢድ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኰይኑ፡ ንሽፋን ግን፡ ዘይእከብ፡ ዘይውስን፡ ዘይመርሕ ህግዲፍ ዝብሃል ምስላዊ ሰልፍን ምስላዊ ፓርላማን ከምዘሎ ዝፍለጥ ኢዩ።

ኵሎም ዲክታቶርያውያን ውዒሎም ሓዲሮም ምውዳቖም ዘይተርፍ ኢዩ። ግን፡ ድሕሪ ውድቀቶም ገዲፎሞ ዝኸዱ ኣዝዮም ከበድቲ ዝኾነ ፖለቲካዊ፡ ምጣነ-ሃብታዊ፡ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ግድላትን ጸገማትን ከምዘለዉ ምዝንጋዕ ኣይግባእን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ኣብ ስልጣን ከለዉ ብዝፍጽምዎ ግፍዕን ጭቆናን ጥራሕ ኣይኰኑን ክጥመቱ ዘለዎም። ቅድም ክብሉ ሞቡቱ ሰሰ ሰኮ፡ ኑመሪ፡ ጆሞ ከንያታ፡ ሳሚ ኣባቻ፡ ሁፌት ቧኘ ኣብ ሃገሮም ገዲፎም ዝኸዱ ጸገማት፤ ኢሳያስ ኣፍወርቅን ሮበርት ሙጋበን ውን ኣብ ኤርትራን ዚምባብወን ገዲፎም ክኸዱ ምዃኖም ርዱእ ነገር ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኣብ ኤርትራ ዓሚቑ ሕብረተ-ሰብኣዊ ፍልልያትን ምጥርጣራትን፤ ዝተዳቐቐ ምጣነ-ሃብታዊ ቅርጻን ትሕዝቶን፡ ብሰንኪ ተናኻሲ ዲፕሎማሲኡ ካብ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ካብ ጐረባብትን እተነጸለት ሃገርን፤ ካብ ትምህርትን ፍልጠትን ተገሪዙ ኣደዳ ስደት ዝኸውን ዘሎ ኣፍራዪ ሓይሊ መንእሰይን ኢዩ ንመጻእቲ መራሕትን ንመጻኢ ወለዶን ገዲፉ ዝኸይድ ዘሎ። እቲ ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ብድሆታት እምበኣር፡ ንዲክታቶር ምልጋስ ጥራሕ ዘይኰነስ፤ ነቲ ንሱ ዘሪእዎ ዝሓልፍ ሕማም ድሓር ውን ምፍዋስ ዘጠቓልል ኢዩ።

ኤርትራ፡ ካብ'ዚ ትጓዓዘሉ ዘላ ጐደና ወጺኣ፡ ኣብ ጐደና ሰላም፡ ፍትሒ፡ ብልጽግናን ዲሞክራስን ክትምርሽ እንተደኣኰይና፡ ናይ ስኒትን ዕርቅን ፖሊሲታት ዘሳጒም፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ዘዕቁብ፡ ናይ ምዕባለ ወሳኒ ረቛሒ ትምህርትን ፍልጠትን ምዃኑ ዝኣምን፡ ንናጻ ዕዳጋን ፍትሓዊ ኣዘራጋግሓ ሃብትን ዘተባብዕን ንኣህጉራዊ ውዕላትን ስምምዓትን ዘኽብር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምህናጽ የድሊ። ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎን ካልእን፤ ከምኡ ውን፡ ንጕዳይ ሰብኣዊ መሰላትን ማሕበራዊ ፍትሕን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ዘለዎ ክለሳ-ሓሳባዊ መምርሒ ወይ ራእይ ኢዩ።

ኣብ ግብራዊ መዳይ ድማ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ጋግ ብምጽባብ፡ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ኪጻናበሩ፡ ዝተፈላለየ ራእይ ዘለዎም ከኣ፡ ኣብ ኪዳን ተጠርኒፎም ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ሓቢሮም ክቃለሱ ብምጽዋዕ፤ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ናይ ስኒትን ዕርቅን መንፈስ ንምንጋስን ናይ ሓድነት ኣዕኑድ ንምሕያልን ይሰርሕ ኣሎ። ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ንምዕዋት ዝሓለነ ኢዩ። እዚ ናይ ሓድነት መስርሕ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰልፍታት ጥራሕ ተሓጺሩ ዝተርፍ ዘይኰነስ፡ ኵሎም ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ሰልፍታትን ውድባትን ክጽንበርዎ እቲ ባብ ክፉት ኢዩ። ነዚ ራእይን፡ ነዚ ናይ ምጽንባር መስርሕን ዝጻረር ተቓዋሚ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢየ ዝብል ሸንኽ ክህሉ ኣይግባእን ኢዩ። እንተልዩ ድማ፡ ካብ'ዚ ዝሓሸ ምርጫ ድኣሉ ከቕርብ ዝግባእ እምበር፡ ኣብ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ተኣሲሩ፡ ነቲ መስርሕ ንቕድሚት ከይስጕም ጥራሕ ክዓናቅፍ ክፍትን የብሉን። ዋላ እንተፈተነ ውን፡ ንመንነቱን ሕማቕ ትጽቢታቱን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ከቃልዕ እንተዘይኰይኑ፡ ነቲ መስርሕ ክዓግቶ ከምዘይክእል ብሩህ ኢዩ።

ብኻልእ ሸንኽ ከኣ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰንኪ ናይ 1998-22000 ዓ.ም ይኹን ቅድሚኡ ኣብ መዋእል መግዛእቲ ዝተፈጥረ ቍስልታት ንምሕዋይ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ። ምኽንያቱ ድማ፡ ነዚ ቍስልታት'ዚ ብምጕዳእ ዝረብሐ ህዝቢ ዘይኰነስ እቲ ስርዓት ምዃኑ ስለዝርዳእ ኢዩ። እቲ ቍስልታት ሓውዩ፡ እቲ ዝምድናታት ናብ ንቡር ቦታኡ እንተደኣ ተመሊሱ፤ ሰላም ሰፊኑ፡ ህዝብታት ክልቲኡ ሃገራት ብናጽነት ክንቀሳቐስን ክነግድን፡ ሓደ ኣብ'ቲ ካልእ ሃገር ከይዱ ክሰርሕን ክመሃርን እንተደኣ ጀሚሩ ጥራሕ ኢዩ ረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ተረጋጊጹ ክበሃል ዝኽእል። ህዝቢ ኣብ ምሕዋይን ምፍዋስን ናይ'ቲ ቍስልታት ደኣ'ምበር፡ ኣብ ምጕዳኡ ዝኾነ ይኹን ረብሓ የብሉን።

ሰልፊ ህዝቢ፡ ትምህርቲ ናይ ምዕባለ ጐደና'ዩ ካብ ዝብል ጽኑዕ እምነቱ ተበጊሱ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ሱዳን ንኽምሃሩ፡ በታ ዘላቶ ንእሽተቶይ ዓቕሚ

ክራባረብ ጸኒሑን ኣሎን፤ ጌና ውን ክቕጽሎ ክቃለስ ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ከም'ቲ "ንባደላ ባዴላ ምባል" ዝብል ናይ እንግሊዛውያን ምስላ፤ ንቅዱስ ዕላማ፡ ቅዱስ ኢዩ ምባል፤ እንተ'ክኢልካ፡ ኢድካ ምሕዋስ፡ እንተዘይክኢልካ ከኣ ዕንቅፋት ዘይምኳን ኢዩ ካብ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ዝጥለብ። ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ "ኣነ ዘየለኹላ ሳዕሪ ኣይብቆላ" ካብ ዝብል ኣጕል ስነ-መጐት፡ ንርሑስን ንቑጽን ምንዳድ ናይ ጥዑይ ኣተሓሳስባን ሓላፍነታዊ ስነ-ምግባርን መግለጺ ኣይኰነን። ከይዱ ከይዱ ድማ፡ ንዕምሪ ዲክታቶርን ንስልጣኑን ዘናውሕ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ትርጕም ኣይህልዎን ኢዩ።

## ገዲፍካዮ ዘይገድፈካ ስርዓት… ኣይሃብካ'ዩ ዘብል

ዝፈትዋ ሃገሩ ገዲፉ ስደት ዓዲ-ጓና ክነብር ዝብህግ ወይ'ውን ዝመርጽ ሰብ ዳርጋ የለን እንተተባህለ፡ ጋሻ-ሓሳብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ሰብን ሃገሩን ዘሎ ምትእስሳር፡ ልዕሊ ቃል-ኪዳንን፡ ልዕሊ ዝምድናታት ጸሓይን ሱፍን ወይ'ውን ዓሳን ማይን ዝኸይድ ዝምድና ብምዃኑ'ዩ። ሰብ ነቲ ምስ ሃገሩ ዘለዎ ምትእስሳር በቲኹ ንስደት ክኸይድ ዝግደድ ድማ፡ ኣብ ሃገሩ ምንባር እምብዛ ምስዝዕበዕብ ጥራይ'ዩ። ሰብ ሃገሩ ገዲፉ ንኽስደድ ካብ ዘገድዱ ምኽንያታት ብዙሓት ክጥቀሱ ዝከኣሉ'ኳ እንተኾኑ፡ ልዕሊ ኹሉ ግን ክብረት ምስኣን ወይ ድማ፡ ኣብ ገዛእ ሃገርካ ሕስረት ምስካም'ዩ ዝወልዶ።

ከም'ቲ ኣብ ከርሲ ናይታ "ብህግዲፍ ዘየመሓድራ ኤርትራ" ብመደበር ሽመልባ እትፍለጥ መዓስከር ስደተኛታት ካብ ዝፈረዩ ስነ-ጥበበኛታት ሓደ ዝኾነ መንእሰይ ሃብቶም መሓሪ፡ ኣብታ ጽልግልግ ዘርእስታ ደርፉ፡ ባህጊ ትምኒትና ኣይነበረን ስደት፡ ጠሚና ኣይዓረቅናን ስኢና እምበር ክብረት ክብል፡ ንጠንቂ ስደት ኣጕሊሑ ኣንጸባርቅዎ'ዩ።

ሃገርን ክብረትን ሕድሕዳዊ ምትእስሳር ዘለዎም ፈላሊኻ ዘይረኣዩን ልክዕ ከም ዘንግን ባንዴራን'ዮም ክበሃሉ ይከኣሉ። ሃገር፡ ሃገር ክበሃል ዝበቅዕ ንዜጋታቱ ክብረት ዘውሓሰ ምስዝኸውን ጥራይ'ዩ። ኣብ ክንዲ ክብረት ንዜጋታቱ ሕስረት ዘሰክም ስርዓት ዝነገሶ ሃገር ግን፡ ሃገር ክትብሎ ኣጸጋሚ'ዩ። ክብረት ምስዝበኰር ድማ፡ ሰብ ዓዱ ገዲፉ ክስደድ ንቡር'ዩ። እዚ ድማ፡ ንሃገር ስደት በሊጽዎ ማለት ኮይኑ፡ ሃገር፡ ሃገር ካብ ምኳን ኣኽቲሙ ማለት'ዩ።

ትማሊ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር መግዛእቲ ዝሓለፎ መሪር መዋጥርን ዘሰገሮም በዳህቲ መስገደላትን፡ ዝኸፈሎም ረዘንቲ ዋጋታትን፡ ንስለክብረትን መንነትን እምበር፡ ምልክን ብድዕን ውርደትን ንምንጋስ ከምዘይነበረ፡ ዘካትዕ ኣይኮነን። ከምቲ ለባማት ኣቦታትና፡ "ሕማቅ ንፋዕ እንተወለደ ተቀልተ" "ንፋዕ ድማ፡ ሕማቅ እንተወለደ ተዘመተ" ክብሉ ዝመሰልዎ፡ ኣብ መዘዝሚ ናይቲ ጉዕዞ፡ ካብ ማህጸን ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንህዝቡ ዘኽብር ስርዓት ዘይኮነ፡ ንህዝቡ ዘሕስር፡ ቀራን ስርዓት ስለዝተወልደ፡ ሕልሚ ክብረት በኒኑ ክተርፍ ግድን ኮነ።

ኣብ ዓለምና ዝተፈላለዩ ጨቆንቲ ስርዓታት ኤሮምን ኣለዉን'ዮም። ዜጋታት ናይዞም ስርዓታት ካብቲ በቶም ስርዓታት ዝወርዶም ዝነበረ መከራን ግፍዕን ንምምላጥ ድማ፡ ይስደዱ ኤሮምን ኣለዉን። እቶም ስርዓታት ግን ስደት ክኸልክሉ ዘይኮኑ፡ ጠንቂ ናይቲ ስደት ባዕሎም ዝፈጠርዎ ምዃኖም ተገንዚቦም፡ ሽግራቶም ኣለልዮም ናይ ጽገናን መኣረምታን ስጉምታት ክወስዱ'ዮም ዝረኣዩ ኤሮም። ንዓና ኤርትራውያን ገጢሙና ዘሎ ስርዓት ግን፡ ሽግር ዝጽሕትር እምበር፡ ሽግርና ዝፈትሕ ስርዓት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ይጥዓምኩም.. ይኽፋእኩም፡ ይርሃውኩም ይኽረርኩም..ኣሜን ኢልኩም ጥራይ ተገዝኡለይ ብምባል፡ ቻእ እናበለ ከምኣድጊ ኣብ ዝኸድና ኼድና ክኹብኩበና ክነብር ዝደሊ ስርዓት'ዩ ገጢሙና። ኣነስ ኣይፋሉ፡ ተንበርኪኸካ ምንባር ነብስኻ ምጥባር ስለዝኾነ፡ እዛ ሃገር ገዲፈሉ ዘይከይድ ኢልካ ንስደት ምስእተምርሕ ውን ብነዊሕ በትሪ ከራኽበልካ ዝፍትን፡ ገዲፉ ዘይገድፈካ፡ ኣብዝኸድካዮ ፈትለ-ውዲቱ እናዘርግሐ ንኽየቅስነካ ህርድግ ዝብል ስርዓት'ዩ ገጢሙና።

ስርዓት ህግደፍ ነቶም መጻኢ ዕድሎም ጽልግልግ ኢልዎም ናብ ስደት ዘምርሑ መንእሰያትና፡ መጀመርያ ነቶም ብድፉን ምእዙዝነቶም ዝልለዩ ኣብ ዶባት ዓሪዶም ዝርከቡ ሰራዊቱ ኣቢሉ፡ ዶብ ክሰግር ዝረኽብክሞ ብጥይት ሓምሺሽኩም ኣውድቅዎ ዝብል ኣረሜናዊ ትእዛዝ ካብ ምሃብ ሓሊፉ፡ ነቶም ነዚ ዝቀንዓሎም ኣፈሙዛት ሰንጢቆም ንሓንቲኣ ዶብ ዝሳገሩ መንእሰያት ውን፡ ኣብተን ዑቕባ ዝሓቱለን ሃገራት ውን ከይተረፈ፡ ምስ መንግስታትን ጸጥታን ናይተን ሃገራት

እናተመሻጠረ ጉቦን ካልእን እናሃበ፡ ሽግራት ዝፈጥረሎምን፡ ዓፊኑ ዝወስዶምን መንእሰያት'ውን ቁጽሮም ጸብጺብካ ኣይውዳእን'ዩ። ነዚ ስለዝኣመነ ከኣ'ዩ መራሒ ናይቲ ደም ንጹሃት ዜጋታቱ ዝቅለብ ጭርናዕ ስርዓት ዝኾነ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብቲ ንስደት ኣመልኪቱ ምስ ቲቪ-ኤረ ዘካየዶ ናይ ሽጢ-ምጢ ቃለ-መጠይቕ፡ ግደፎም ይሰደዱ መሲልዎም እምበር ደይ፡ ከም መንደቅ ሃሪማ እትምለስ ኩዕሶ ክመለሱና'ዮም ክብል ዝተሰምዐ። እዚ ክብል እንከሎ መራሒ ህግዲፍ፡ እቶም ንስደት ዝኸዱ መንእሰያት ኣሻኹ ሕቝፎኡ ናፊቖም ብወለንትኦም ክምለስዎ ማለቱ ዘይኮነ፡ ከራኽበሎም ዝኽእለሉ ዝምዝመዞ መሳኹትን መስመራትን ከምዘለዎ ንምግላጽ'ዩ ኔሩ።

ሃገራት ሱዳንን ግብጽን ልብያን ምስ ስርዓት ህግዲፍ ብምምሻጣር፡ ብተደጋጋሚ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ናብ ኤርትራ ከምዝመልሳ ዝፍለጥ'ዩ። እዘን ሃገራት እዚኣተን ብጸጋ ጀኦግራፊካዊ ጉርብትና፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ኣይተሰወረንን። ነዚ እንዳፈለጣን ነቲ ዓገበን ዝፈረማሉ ኣህጉራዊ ውዕል ስደተኛታት ዕሽሽ ብምባልን ድማ'የን፡ ነቶም ክንደይ መስገደላት ሰጊሮም ኣብ ሕቝፎኣን ዑቕባ ዝሓተቱ መንእሰያት ብኣስገዳድ ናብ ኤርትራ ክመልሳ ዝተራእያ። እቶም ግዳያት ናይዚ ዘይፍትሓዊ ዘይሰብኣውን ተግባራት ድማ፡ "ኣይበልናኩምን'ዶ" ተመሊስኩምና'ዶ ተባሂሎም ንሕልፈት ከምዝፍረዱን፡ ንኣሰቃቒ ግፍዕታት ከምዝቃልዑን ኩሉ ዝፈልጦ'ዩ።

ነቲ ስሙን መጋብሩን ከብድን ሕቶን ዝኾነ፡ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን ዘይኮነ፡ ጉጅሌኣዊ ግንባር ንራዕድን ፍርሕን ክትብሎ ገላጺ ኮይኑ ዝርከብ ስርዓት፡ ዓለምና ንባህርያቱ ኣጸቢቓ ትፈልጦ'ኳ እንተኾነት፡ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ንዓለምና ዘገረመ እቲ ኣብ ሃገረ እስራኤል ኤርትራውያን ዘካየድዎ ሰለማዊ-ሰልፊ'ዩ ኔሩ። እቲ ቀንዲ መዛረቢ ዛዕባ ኮይኑ ዝቐነየ ድማ፡ እቶም ሰልፈኛታት ገጾም ብማስኬራ ሸፊኖሞ ምንባሮም'ዩ። መንእሰያትና ዋላ'ኳ ብስርዓት ህግዲፍ ግለትን ካልእን ዝብል ኣነዋሪ ስም ይወሃቦም ደኣ'ምበር፡ ግለት ንሶም ዘይኮኑ እቲ ስርዓት ምዃኑ ብግብሪ ኣነጺሮሞ'ዮም። እዞም ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ማስኬራታት ክገብሩ ዝገደዶም፡ ነቶም ኣብ-ዓዲ ዝርከቡ በተ-ሰቦም በቲ ስርዓት ክወርዶም ንዝኽእል ሳዕቤን ስለዝገመቱ'ዮም። ምኽንያቱ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ንሰብ ብጽላሎቱ ዝፈርድ ስርዓት'ዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ ኣብ ክንዲ ካብ ኢዱ ዘምለጡ ኣባጽሕ ኣቦታትን ኣዴታትን ዝኣስርን፡ ኣሽሓት ገንዘብ ክኸፍሉ ዘገድድን፡ ኣረጋውያን ዘሳቕን ዝኣስርን ደረቐኛ ስርዓት'ዩ። ገዲፍካዮ ዘይገድፈካ ስርዓት፡ ኣይሃብካ'ዩ ዘብል።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ውድባዊ ንጥፈታት

### 1. ዝኽሪ ባሕቲ ታሕሳስ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ተሰላሲሉ

ኣብ ፍራንክፎርትን ከባቢኡን ዝርከቡ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዘዳለዉዎ ዝኽሪ ባሕቲ ታሕሳስ፡ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብዕለት 13 ታሕሳስ 2008 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ኤርትራዊ ማእከል ተኸቢሩ። ንዝኽሪ ስዉኣት ኤርትራውያን ዝግበር በዓል፡ ንኹሎምቶም ምእንቲ ሃገሮምን ህዝቦምን፡ ኣበየነይቲ ውድብ ተሰሊፎም ነይሮም ብዘየገድስ፡ ብረት ዝዓጠቑ ይኹኑ በርጌስ ዝፈትዉዋ ሂይወቶም ዝበጀዉ መላእ ስዉኣት ኤርትራውያን ንምዝካር ስለዝነበረ ድማ ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣብቲ በዓል ተሳቲፎም ምንባሮም ተሓቢሩ።



በዓል መዓልቲ ስዉኣት፡ ብብጻይ ተስፉማርያም ክብረኣብ ተመሪሑ ኢዩ ምድላዋቱ ፈጺሙ። ብጻይ ተስፉማርያም፡ ዕላማ ናይቲ ተረኺቦን ምድላውን ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምግላጽ፡ መብራህቲ ኣደራሽ ብነፍሲ-ወከፍ ሒዝዎ ዝነበረ

ሽምዓ ምውላዕ ተተኪኡ፡ ናይ ሕልና ጸሎት ብምፍጻም ኢዩ ጀሚሩ።



ድሕርዚ፡ ኣብ ጎቦ ኣብ ሩባ፡
ኣብ ሜዳ ኣብ ኩርባ፡
ዝፈሰሰ ደምኩም ኣብቀሉ ዕንባባ፡
ስዉኣት! ስዉኣት በጃ ህዝቢ፡
ግቡእኩም ፈጺምኩም ሞያ ዓቢ! ምያ ዓቢ።

እትብል መዝሙር ናይ ስዉኣት ብኣለም ኣሰፋው *ዕምባባ) ተምሪሑም ኩሎም ተሳተፍት ከምዝዝሙሩ ተገይሩ።

ኣስዒቡ፡ ብጻይ ተስፋማርያም፡ መንስኤ ናይቲ በዓልን፡ ከምዚ ዝኣመሰለ በዓል ብሓፈሻ ክግበር እንከሎ፡ ናይ ሓዘና መግለጺ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሕድሪ ናይቶም እንዝክሮም ዘለና ስዉኣት ንምርግጋጽ ዳግማይ መብጻዓ እንኣትወሉን፡ ንምዕዋት ተሪፉ ዘሎ ዕማማት ህዝብና ብሓድሽ መንፈስ እንብገሰሉን ክቡር በዓል ብምዃኑ፡ ነቲ ነጻነት ኣነ ኢየ ኣምጺኤልካ እንደበለ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ድቕድቕ ጸልማት ነቑቱ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ካብ ስሩ ምሒና፡ ሓንቲ ብሕግን ስርዓትን እትምራሕ ዲሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ ንምህናጽን፡ ሓርነት ህዝብና ንምርግጋጽን ብሓባር ህዝቢ ንኽብገስ መጸዋዕታ ዝሓዘ ቃል ድሕሪ ምቕራብ፡ በዓል ብሰላም ምድምዳሙ ካብ ፍራንክፎርት ዝበጻሓና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

## 2. መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ከበባ



ቃለ-መሓትት ምስ ተስፋይ ውልደሚካኤል (ደጊጋ) ሓልፊ ክፍሊ ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ኣባል ሰክረታርያ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን

ብሚኪኤል ኣብርሃ

ትርጒም፡- ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡

ህዝቢ ኤርትራ ይሳቐ ኣሎ። ጥሜት ኣዝዩ ኣቐንዛዊ ኢዩ። ንሓደ ሰብ ኣብ ሓደ መዓልቲ እትውሃቦ መቑነን ሓንቲ ባኒ ጥራይ ኢያ። ኰሉ፡ ዋላ ውን ደቂ 80ታት ዝኾኑ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፡ መቑነኖም ክረኽቡ ክስርዑ ኣለዎም። እዚ ከም "ሓለፉ፡ ተቘጺሩ፡ ንጠሚ ኣሎና ዝብል ምጕርምራም ካብ ዝኾነ ዜጋ ክስማዕ ከምዘይብሉ ድማ ተሪር መጠንቀቕታታት ኢዩ ዝውሃቦም። ከም'ቲ ኣብ ዚምባብወ ኮለራ ተሃዋሲ ፖለቲካዊ ሕቶ ኰይኑ ዘሎ፤ ኣብ ኤርትራ ውን፡ ባኒ ተሃዋሲ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኰይኑ ኣሎ።

ካብ ደገ ህጹጽ ረድኤት ዘድልዮ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ 2.5 ሚልዮን ኣቢሉ በጺሑ ኣሎ። መንግስቲ ግን፡ ረዲኤት ኣየድልየናን ኢዩ ብምባል ካብ ለገስቲ ክመጽእ ንዝኽእል ሓገዝ ይነጽጎ ኢዩ ዘሎ። ረድኤት ምቕባል ማለት፡ ናይ ሕርሻ ፖሊሲታቱ ምፍሻሉ እቲ ስርዓት ይእመን ኣሎ ስለዘስምዕ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኤርትራውያን ናይ ምዝራብ ናጽነት ተሓሪምዎም ኣሎ። ንመንግስቲ ዝነቐፈ ውልቀ-ሰብ ይኹን ጕጅለ፡ ንሓደጋታት ናይ ማእሰርቲ፡ ዓዛብን ቅንጸላን ኢዩ ዝቃላዕ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰላ ጸላም ሃለዋት፡ በሽሓት ዝቑጸሩ ብጥሜት ዝተጠቕኡ ኤርትራውያን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ኣብ ጽርግያታት ኣስመራ ወጺኦም "ስቅያት ክንጻወሮ ኣይከኣልናን፡ እኹል መግቢ ንኽብድና፤ ሰውራዊ ሓሳባት ድማ ንመንፈስናን ኣእሙሮናን የድልየና ኣሎ። ሓርነት ወይ ሞት" ክብሉ ከለው እንተዝጅምሩ ኢልና'ሞ ንሕሰብ።

ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኵነታት ሓደ ካብ ክልተ ተርእዮታት ምተጋህደ። ዓቕሉ ዘጽበበ ኣብ ከበባ

ዝርከብን መራሒ ኤርትራ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ናዕቢ መታን ከይድገም፡ ንጀነራላቱ ኣንጻር'ቶም በማእት ወይ በሽሓት ዝቑጸሩ ሰላማዊ ሰልፈኛታት ልክዕ ከም'ቲ ዝያድ ባረ ቅድሚ ምውዳቑ ብ1991 ዝገበሮ፡ ተኰሶም ክቐትሉ ምኣዘዘ። እቶም ጀነራላት ወይ ነቲ ትእዛዝ ናይ መራሒኦም ምፈጸሙ ወይ ድማ ምነጸጉ። ክልቲኡ ምርጫታት ከኣ፡ ውድቀት ስርዓት ኢሳያስ ምጅማሩ ዝእምት ምኾነ።

እዚ ድማ፡ ማዕረ'ቲ ሓድሽ ብድሆታት ዝኾኑ ሓደስቲ ሰውራውያን መራሕቲ ክፍጠሩን፤ ሰላማዊትን ዲሞክራስያዊትን ብልጽግትን ሃገር ንምህናጽ መደባት ክሕንጽጹን ዕድል ዝሽስት ሓቀኛ ኤርትራዊ ሰውራ ምተጋህደ ነይሩ። እቲ ዝስማዕ ዘሎ ሓበሬታታት ሓቂ እንተደኣኰይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ኤርትራ ምግምማዕ ኣሎ ማለት ኢዩ። ገለገለ ተቓወምቲ ናይ'ቲ ስርዓትን ተዓዘብትን ድማ፡ ናይ ለውጢ መስርሕ ይመጽእ ኣሎ ክብሉ ይስምዑ ኣለዉ። ሽሕ'ኳ፡ ሓበሬታን ወረን ከይወጽእ ዝዕፍን ሃዋህው ኣብ ኤርትራ ሰፊኑ እንተሃለወ፡ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ጸቕጥታት ኣንጻር'ቲ ስርዓት እናዛየደ ይኸይድ ከምዘሎ ዝሕብሩ ምልክታት ኣለዉ።

ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ናይ'ዚ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን እተመስረተ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ኩነታት ኣመልኪቱ፡ እቲ እናዛየደ ዝመጽእ ዘሎ ዋሕዚ ንስደት እኹል ምልክት ናይ ህዝብና ናይ ለውጢ ድሌት ኢዩ ኢሉ። ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ሰሙን ናይ ወርሒ ሕዳር ጥራሕ 900 ኤርትራውያን ናብ ሱዳንን ኤርትራን ሃዲሞም ክብል ተስፋይ ወልደሚካኤል ሓላፊ ክፍሊ ወጻኢ ዝምድናታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ኣብ'ዚ ህድማታት'ዚ ዝተጋህደ ሓድሽ ነገር እንተልዩ፡ ኣብ መንጐ'ቶም ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ኣብ ሽመልባ ተዓቍቦም ዘለዉ ስደተኛታት፡ ክብ ዝበለ ስልጠና ዝተዋህቦም ኣባላት ናይ'ቲ ንፕረሲደንት ኢሳያስ ዝሕሉ ፍሉይ ግብረ ሓይሊ ምህላዎም ኢዩ ኢሉ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝወጽእ ቃለ-መሓትት፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ብምሉእነቶም ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ዕላማታት ናይ'ቲ ንሰላሳ ዓመታት ዝተቓለሰሉን ብ1991 ዝተረጋገጸን ናጽነት ዘብጽሕ ሓድሽ ናይ ኣመራርሓ ኣንፈት ክትሕዝዎ ተዳልዮም ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ገሊጹ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን እቲ ብመስፍን ሓጐስ፡ ናይ ቀደም ሚኒስተር ምክልኻልን ሃገራዊ ጅግናን ዝምራሕ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣብ መስርሕ ናይ ምጽንባር ከምዘለዉ ዝፍለጥ ኢዩ። "ንህዝብና ካብ ፍርሕን ድኽነትን ከነድሕኖ ኢና፤ ህልዊ ስርዓት ኤርትራ ድማ፡ ኣካል ናይ ታሪኽ ኰይኑ ክተርፍ ኢዩ" ክብል ተስፋት ደጊጋ ብምሉእ ምትእምማን ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ፡ ፖሊሲታት ስርዓት ኢሳያስ ንውድቀቱ ዘቀላጥፍ ናይ ዕንወት ኣንፈት ኢዩ ሒዙ ዝርከብ። ንመንግስቲ ኤርትራ ናብ መስርዕ ፈጠርቲ ራዕዲ ዝኾኑ መንግስታት ንምእታው ንነዊሕ እዋን ብኣመሪካ ክካየድ ዝጸንሐ ፈተነታት፡ ቅድሚ ባራክ ኦባማ በትረ-ስልጣን ምሓዙ ምምሕዳር ቡሽ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ቄሪጹ ተበጊሱ ዘሎ ይመስል። እንተደኣ፡ ናይ ኣመሪካ ናይ ሕጊ ኪኢላታት፡ መንግስቲ ኤርትራ ንሓይልታት ሽበራ ይድግፍን የዐቁብን ከምዘሎ እኹል ጭብጥታት ረኺቦም፤ ነቲ ጸረ-ራዕዲ ሕግታት ናይ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ከተግብርዎ ዝኽልክሎም ነገር የለን።

ኣመሪካን ሕቡራት ሃገራትን ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዞም ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል የዕቁቡን ገንዘባውን ወተሃደራውን ደገፋት፡ እንተላይ ናይ ነፍሰ-ቅትለት ዕጥቅታትን ነተኲትን የበርክቱን ኣለዉ ክኸሱ ጸኒሖምን ኣለዉን።

ኣመሪካ፡ ሕጂ ስጉምቲ ክትወስድ'ያ ዘብሉ ክልተ ክኾኑ ዝኽእሉ ረቛሒታታት ኣለዉ።

ቀዳማይ፡- ኣመሪካ ከም ኣሸበርቲ እትፈልጦምን ምስ ኣልቓዒዳ ዝምድና ኣለዎም ኢላ ትኽሶምን ናይ ሶማል ጥሩፋት ተቓወምቲ ኣብ ሶማል ላዕለዋይ ኢድ እናሓዙ ክመጹ ይርኣዩ ኣለዉ። እዚ ድማ፡ ኣብ መንጐ ስማላውያን እንዳታት፡ ካልኦት ዝተፈላለዩ እስላማውያንን ዓልማናውያንን ጕጅለታት ደማዊ ጐንጽታት ከኸትል'ዩ ዝብል ስግኣታት ኣሎ። ኤርትራ ድማ፡ ነቶም ተቓወምቲ'ያ ትድግፍ ዘላ።
ካልኣይ፡- ኤርትራ፡ ነታ ድሮ ኣብ ናይ ፈጠርቲ ራዕዲ ዝኾኑ ሊስታ ናይ መንግስታት ኣትያ ዘላ ኢራን፡ ኣብ'ታ ንጅቡቲ ቀረባ ዝኾነት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ ወድብ ዓሰብ ንኢራን ወተሃደራዊ መደበር ክትገብር ኣፍቂዳትላ ኣላ ዝብል ዜና ንኣመሪካን እስራኤልን ኢትዮጵያን ዘሐጒስ ዜና ኣይኰነን።

ኣመሪካ፡ ንኤርትራ ኣብ'ቲ ናይ ፈጥርቲ ራዕዲ

ሊስታ እንተደአ ኣእትያታ፡ ስዒቡ ዝመጽእ ወተሃደራዊ፡ ቍጠባውን ገንዘባውን እገዳታት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝጐድእ ክኸውን ኢዩ። ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ናብ ኣመሪካን ኣውሮጳን ካልኦት መሓዙት ሃገራትን ክገሹ ኣይክኽእሉን ኢዮም። ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ውን፡ ግብርን ካልእ ገንዘባዊ ወፈያታትን ናብ መንግስቲ ኣስመራ ክሰዱ ብሕጊ ኣይክፍቀደሎምን ኢዩ።

ክሳብ ሕጂ ውዱእ ነገር የለን። ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ግን፡ በዚ ኵነታት'ዚ ተሻቒሎም ኢዮም ዘለዉ። ናይ ኣመሪካ ጸረ-ራዕዲ ፖሊስታት ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምርግጋጽ ከምዘይተዓወተ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣመሪካ፡ ነዚ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ድያ ኣይኰነትን ኣብ መጻኢ ዝርአ ጉዳይ ኢዩ።

ኤርትራ፡ ከም ሱዳን፡ ኢራን፡ ሶርያን ኩባን ኣብ ሊስታ ናይ ፈጠርቲ ራዕዲ ዝኾኑ መንግስታት እንተደአ ኣትያ፡ እቲ ምኽንያት፡ ኣስመራ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝተዋህባ ተደጋጋሚ መጠንቀቕታ ዕሽሽ ምባላን ደው ንምባሉ ብዕቱብነት ስለዘይተዋሳኣትሉን ኢዩ ክኸውን። እዚ ድማ፡ ተወሳኺ ፍሽለት ኣብ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት ናይ ስርዓት ኤርትራ ክኸውን ኢዩ።

እቲ ኣብ ዲፕሎማሲ ዝፍጸም ዘሎ ጌጋታት ነጸብራቕ ናይ'ቲ ብቅዋምን ብግዝኣተ-ሕግን ዘይምእዘዝ ውሽጣዊ ፖሊሲታት ኢዩ። ግሉጽነት ይኹን ተሓታትነት የለን። ፕረሲደንትን ጀነራላቱን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኤርትራ ዘይሽረፍ ዘይቍርመም ፍጹም ስልጣን ኢዩ ዘለዎም። ንሳቶም ዝበልዎ ከም ሕጊ ናይ ሃገር ክፍጸም ጥራሕ'ዩ ዘለዎ። በዚ ጥንታዊ፡ በይናዊ ጉጅላዊ ኣገባብ ምሕደራ'ዚ፡ ኤርትራ፡ ዋላ ውን ቅቡል ዝኾነ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ እንተዝህልዋ፡ ሰበ-ስልጣን ኣስመራ ካብ ኣመሪካ ተቐባልነት ክረኽቡ ክጽበዩ ከንቱ ፈተነ ኢዩ።

ናይ ሓባር ክብርታት ምህላው፡ንኹሉ ዲፕሎማስያዊ ጸገማት ዘይፈትሑ'ኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ኣገዳሲ ተራ ከምዘለዎም ግን ኣይክሓድን ኢዩ። ናይ ኡጋንዳ ናይ ቀደም መራሒ፡ ኢዲ ኣሚን፡ ኣብ'ተን ኣብ ስልጣን ዝነበረለን 7 ዓመታት፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ 600 ዝግመቱ ሰባት ይቐትል ስለዝነበረ፤ እቲ ስልጡን ዓለም ክሓቕፎ ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ድማ፡ ብውድቀት ናይ ኢዲ ኣሚን፡ ኵሉ፡ እንተላይ ነዚ ምስኡ ኢንተርቪው ክገብር ዕድል ዝረኸበ ጽሓፋይ፡ ናይ እፎይታ ስምዒት'ዩ ኣሕዲሩሎም።

ጭቃነን ስይጥንናን ብዝተፈላለዩ መልክዓት'ዮም ዝግለጹ። ኤርትራውያን ብጥሜት እናተሳቐዩ እንከለዉ፡ ናይ መግቢ ረድኤት ብምሕሳሙን ንቅዱስ ክብርታት ናይ ሓርነትን ሰብኣዊ መሰላትን ብምንጻግን፡ መንግስቲ ኤርትራ በቲ ንነዊሕ ዓመታት ዝተሳቐየ ህዝቢ ኤርትራ ክጽላእን እምነት ክስእንን ገይርዎ። ፈተውቲ ናጽነትን ዲሞክራስያውያን ዝኾኑ ሓይልታት ናይ ዓለም ውን፡ በዚ ተስፋ ቈሪጾምን ተበሳጭዮምን ኢዮም።

ተስፋይ ደጊጋ፡ ህልዊ ስርዓት ኤርትራ ክዕረየሉ ኣብ ዘይኽእል ደረጃ በጺሑ ኢዩ፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ከበባ'ዩ ዝርከብ ዘሎ ስርዓት ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብሰላማዊ ኣገባብ ስልጣኑ ከይተደናገየ ንህዝቢ ኢዩ ከረክብ ዘለዎ ኢሉ።

ምስ ሚኪኤል ንምርኻብ በዚ ኢ-መይል ተጠቐሙ mike@RefygeeResarch.org

## ንጥፈታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን

**ኣኼባ ስርዒታውያን ሓለፍቲ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ፍራንክፎርት ተሰላሲሉ**

ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ስርዒታውያን ሓልፍትን ቦታውያን ኣባላት ሽማግለ ሓባራዊ ስራሓትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ክልቲኡ ኣሓት ሰልፍታት ብዕለት 13 ታሕሳስ 2008 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ኤርትራዊ ማእከል ተሰላሲሉ። ዕላማ ናይቲ ኣብ መንጎ ስርዒታውያን ሓለፍትን ቦታውያን ሽማግለታት ክልቲኡ ሰልፍታትን ዝተኻየደ ኣኼባ፥ ሕድሕዳዊ ምልላይን ኣብ መንጎ ስርዒታውያን ሓለፍትን ቦታውያን ሽማግለታትን ዘሎ ናይ ስራሕ ዝምድናን ሓባራዊ ዕማማትን፡ ክሳብዚ ግዝያትዚ ብላዕለዎት ኣካላት ዝተሰላሰሉ ስራሕት ንምሕባርን ኢዩ ነይሩ። ይኹንበር፡ ብዙሓት ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብኻልእ ሰልፋዊ ስርሖም ኣብቲ ቦታ ስለዝነበሩ፥ ኣብቲ ሓባራዊ ኣኼባ ምስታፎም፡ ነቲ ኣኼባ ዝያዳ ሃብታምን ሓጋዝን ከምዝገበሮ ተሓቢሩ።



ሓባራዊ ኣኼባ ብሓው ኣማኒኤል ሓጎስን ንጉሰ ጸጋይን ኣባላት ኤውሮዓ-ለኸ ኣካያዲት ሽማግለ ዝተመርሐ ኰይኑ፡ ሓው ኣማኒኤል ሓጎስ፡ ነቲ ብኣካያዲት ኣካል እተተለመ ተግባራዊ ዕማማትን፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታትን ህዝብን ንዝካየድ ስራሓት እትምእክልን እትከታተልን ምቛም ኤውሮጳ ለኸ ኣካያዲት ሽማግለን ስራሓታን፡ ውጽኢት ክሳብዚ ግዜዚ ዘካየደቶም ስሩዕ ዝኾነ ሰለስተ ኣኼባታትን፡ ንተበጺሑ ዘሎ ስምምዕን ሓድነታዊ ጉዕዞን ንምዕዋቱ ካብ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ኮነ ደላይ ሓድነት ዝኾነ ዜጋ ክገብሮ ዘለዎ ጻዕርን ተወፋይነትን ኩሉ መዳያዊ ምንቅስቓስን፡ ክግበር ዝግብኦ ሕድሕዳዊ ርኽክብን ንኣኼበኛታት ብዝርዝር ኣቕሪቡ። ምስዚ ብምትሕሓዝ ኣብ ኤውሮጳ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሃገርን ዞናን ካብ ተራ ኣባላት ዝተመዘዙ ንሓድነታዊ ስራሓት ዘተግብሩ ጨንፈራዊ ሽማግለታት ቈይሞም ምህላወምን ምስናይ ዝርዝር ኣስማቶም ገሊጹ።

ቀጺሉ ሓው ንጉሰ ጸጋይ፡ ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት 2008 ንዝተበጽሐ ሓባራዊ ስምምዕ ክልቲኡ ሰፍልታትን፡ ንሓባራዊ ስራሓት ክዕንቅፍ ዘይኽእል ግን ከኣ፡ ነጥበ ፍልልያት ዝመስል ዝነበረ ገለ ነጥብታት፡ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ዘማዓራረዮ ውሳኔታት ምህላዉን ንሓድነታዊ ጉዕዞ ኣሓት ዝኾና ሰልፍታት ዝያዳ ከቀራርብን ንብዙሕ ካብ ፍልልያት ተባሂሉ ዝነበረ ነጥብታት ምጽባቡን ድሕሪ ምሕባር፡ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ንክዕወት ግደ መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣገዳሲ ምዃኑን፡ ኣብ ተግባራዊ ስራሕ ዝጽበዮም ዘሎ ዕማማትን መብርሂ ኣቕሪቡ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መሪሕነት ንሓድነታዊ ጉዕዞ ንቕድሚት ክደፍእ እንተደኣ ኰይኑ፡ ድልየትን ስምዒታትን ኣባላቱ ኣብቲ ዝካየድ መስርሕ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ብሓበሬታን ሓገዝቲ ርእይቶታትን ሓሳባትን ከስንቕዎ ከምዝግባእ ሓቢሩ።



ድሕርዚ፡ ካብ ኣኼበኛታት ንዝቐረበ መብርሂ ዝደሊ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ተዋሂብዎ፡ ህዝብና ንምድሓን ነዚ በኹሩ ዝመስል ዘሎ ቃልሲ ከነቀላትፎን ክንደፋኦን ከምዝግባእ፡ ኣብዝተፈላለየ



ቦታታት እንርከብ ኣባላት ካብ መሪሕነት መምርሒ ክንጽበ ጥራሕ ዘይኰነስ ባዕልና ሓባራውን መላለይን ስራሕ ክንፈጥር የድልየና፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክልቲኡ ሰልፍታት ዝወጽእ ጽሑፋት ብግቡእ ምክትታል ከምዘድልዮን፡ ንጥፈታት ዝገልጽ ስንቂ ሓበሬታ ቀጻሊ ክኸውንን፡ ዝብሉ ኣገደስቲ ለበዋታትን ሓሳባትን ተኻፊልቲ ኣኼባ ብምስማዕ፥ ኣኼባ ብሓባራዊ ምርድዳእ ተደምዲሙ።

# ኤርትራ፡-

## 1. ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ግብጺ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ስቓያቶምን

ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ግብጺ ካብ ዝርከቡ እሙናትን ግዱሳት ምንጪታት ነዚ ኣብ ታሕቲ ብሰንጠረዥ መልክዕ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታት ከምዝረኸበን፤ እዞም ግዱሳት ምንጪታት እዚኣቶም፡ ንኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ከምኡ ውን፡ ንኹለን ናይ ኤርትራውያንን ናይ ወጻእተኛታት ሲቪላዊ ማሕበራትን ተጣበቕቲ መሰላት ሰብኣዊ መሰላትን ኣውያቶም ንኽሰምዓን ንኽስምዓን ከምዝተማሕጸኑን ከዞኻኽር ይፈቱ።

እዞም ካብ ሃገሮም ተሰዲዶም ኣብ ግብጺ ዝተታሕዙ፣ ከምኡ'ውን፡ ካብ ሃገር እስራኤል ዝተመልሱ ኣብ ሕጋውን ዘይሕጋውን ቤት ማእሰርቲ ግብጺ ዝርከቡ ዘጠቓልል ኮይኑ፤ ምስ ዝኾነ ናይ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዘራኽብ መንገዲ ዘይብሎም፡ ኣብ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኢዮም። ኣብ'ዘን ኣብያተ ማእሰርቲ እዚኣተን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ካብ 20 ክሳብ 28 ሰባት ዝበጽሑ ስደተኛታት ተዓጺጎም ከምዝቕመጡ፡ ናይ ጸሓይ ብርሃን'ውን ተነፊግዎም ከምዘለዉ፡ መደቀስን ክዳንን ከምዘይብሎምን፤ ንኣመጋግብኦም ብዝምልከት ድማ ኣብ 24 ሰዓት ( 2 ግዜ ጥራሕ) ጥሕንያን ጅብናን ከምዝበልዑን (ብዘይ ቅያር መግቢ) ኣብ መንጎኦም ካብ ደቂ ክልተ ወርሒ ጀሚርካ ጥኑሳት ትሕቲ-ዕድመ ህጻናት ልዕሊ ዕድመ'ውን ዝርከብዎም ጠቕላላ ብዝሒም 878 ዝኾኑ እሱራት ምዃኖምን እቶም ምንጪታት ይሕብሩ።

ጉዳዮም ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ብዓቢ ኣቓልቦ ነዚ ጉዳይ'ዚ ክነጥፍሉ ከም'ቶም ናይ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠረዙ ዕጫ ንከየጋጥሞም ምሕጽንታናን ኣውያትናን ነቕርብ።

## 2. 464 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ኣትዮም

ካብ ዕለት 1-12 ታሕሳስ 2008 ዓ.ም 464 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ መደበር ስደተኛታት ሸገራብ ኣትዮም። ካብ'ዚኦም 83 ደቂ ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፤ 381 ድማ ደቂ ተባዕትዮ ኢዮም።

ኣብ መንጎኦም ድማ ህጻናትን ትሕተ-ዕደመ ዝኾኑ መንእሰያትን ብጹሓትን ይርከብዎም። ንጾታን ዕድመን ዝምልከት ዝርዝር ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

ደቂ ኣንስትዮ

ጠቕላላ ቁጽረን 83 ኰይኑ፡ ዝርዝራቱ ድማ፡-

1. ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኣን 15 ህጻናት፤
2. ካብ 5-18 ዓመት ዘለወን ትሕተ-ዕድመ ዝኾና ህጻናትን መንእሰያትን 17፤
3. ልዕሊ 18 ዝዕድሚኣን ከኣ 51።

ደቂ ተባዕትዮ

ጠቕላላ ቁጽሪ ደቂ ተባዕትዮ 381 ኰይኑ፡ ዝርዝራቱ ከኣ፡-

1. ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት 7፤
2. ካብ 5-18 ዓመት ዘለዎም ህጻናትን መንእሰያትን 65፤
3. ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ድማ 309

## 3. ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልታት 258 ሓደስቲ ስደተኛታት ናብ ሸገራብ ኣትዮም

ካብ ዕለት 22-11.2008 ክሳብ 24.11.2008 ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሸሞንተን (258)፡ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፤ ከምኡ ውን፡ ትሕቲ ዕድመን ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑን ሓደስቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ናብ መደበር ሽመልባ ኣትዮም ምህላዎም እሙናት ምንጪታት ካብ'ቲ ቦታ ሓቢሮም።

ካብ'ዞም 258 ስደተኛታት፡ 64 ደቂ ኣንስትዮ ክኾና ከለዋ፣ ካብኣን ድማ 21 ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኣን ኢየን። እቶም ዝተረፉ 194 ደቂ ተባዕትዮ ኰይኖም፣ 34 ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ደቂ ተባዕትዮ ህጻናት ኣብ መንጎኦም ይርከብዎም።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት (UNHCR) ምስ ናይ ሱዳን ናይ ግብረ-ሰናይ ኣካላት ብምትሕብባር፡ ነቶም ኣብ'ቲ መደበር ዝርከቡ ትሕቲ-ዕድመ ዝኾኑ ህጻናት ስደተኛታት፡

ሰራሕተኛታት ቆጺሮም መግቢ ከዳልውሎም ጀሚሮም ከምዘለዉ እቶም ምንጪታት ይሕብሩ።

### 4. ስርዓት ህግዲፍ 4 ተቓማጦ ፎሮ ኣሲሩ

ሓይልታት ጸጥታ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ብዕለት 21.11.2008 ንሳልሕ ኢንዲት፡ እስማዒል ዑመር፡ ኢብራሂምን መሓመድ ማሕሙድን እተባህሉ ተቐማጦ ፎሮ ጨውዩ ከምዝወሰዶም ተፈሊጡ ኣሎ። ቤተ-ሰቦም ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ሃለዋት ደቆም ዝፈልጥዎ ነገር ከምዘየለ ውን፡ እቶም ምንጪታት ይሕብሩ።

ከምኡ ውን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ሓረስቶት ሃዘሞ ርሂጾም ካብ ዘፍረይዎ እቶት ብርብዒት ዝስፈር ቍንጣሮ እናሃበ፡ ዝተረፈ እቶቶም ናብ መኻዝኑ የእትዎ ከምዘሎ ካብ'ቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

### 5. 251 ሓደስቲ ስደተኛታት ካብ 25-29 ሕዳር 2008 ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ ኣትዮም

251 ሓደስቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ካብ 25 ሕዳር ክሳብ 29 ሕዳር 2008 ኣብ ዘሎ ግዜ ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ ከምዝኣተዉ ተሓቢሩ።

ካብ'ዞም ስደተኛታት እዚኣቶም እተን 52 ደቂ ኣንስትዮ ክኾና እንከለዋ፤ ካብአን 22 ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኤን ኢየን። ኣብ መንጎአን 10 ትሕቲ 5 ዕድመ ዘለወን ህጻናት ይርከባአን።

ጠቕላላ ቍጽሪ ደቂ ተባዕትዮ ስደተኛታት ድማ 199 ኰይኑ፡ ካብኦም 45 ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ህጻናት፡ 154 ድማ ልዕሊ 15 ዝዕድሚኦም ብጽሓት ኢዮም። ኣብ መንጎኦም፡ ትሕቲ 5 ዓመት ዘለዎም 13 ህጻናት ይርከብዎም።

ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን፡ ማለት ካብ 21 ሕዳር ክሳብ 29 ሕዳር 509 (258+251) ሓደስቲ ስደተኛታት ናብ መደበር ስደተኛታት ከምዝኣተዉ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ቦታ'ቲ ኣረጋጊጾም።

### 6. ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘልዕሎም ዘሎ ሕቶታት

ኣብ ውሽጢ ሰራዊት መንግስቲ ኤርትራ ፈኺም እናበሉ ዝቕጽሉን ዘሳሓሕቡን ዘለዉ ሕቶታት እዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ከምዝርከብዎም ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ውሽጢ ይሕብሩ።

1. ጕዳይ ኣላዪ ዘይብሎም ወለድን ስድራ ቤታትን ሃገራዊ ኣገልግሎት፤
2. ጕዳይ ምንዋሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት፤
3. ጕዳይ ደሞዝ ዘይምህላው፤
4. ስለምንታይ ስሩዕ ሰራዊት ዘይቐውም፤
5. ክብሪ ክራይ ኣባይትን ሃለኽቲ ኣቝሑን
6. ሕቶ ህድማ ወይ ስደት መንእሰያት፤
7. ስለምንታይ ደቂ ታሕተዎት ሓለፍትን ተራ ወተሃደራት ኣብ ብቕዓት ዘይብሎም ኣብያተ-ትምህርቲ ይምሃሩን ኣደዳ ምውዳቕን ካብ ትምህርቲ ምቝራጽን ክኾኑን ከለዉ፤ ደቂ ዓበይቲ ሰበ-ስልጣን ግን፡ ኣብ ዝበለጸ ኣብያተ-ትምህርቲ ይምሃሩን ኣብ ወጻኢ ናይ ምምሃር ዕድል ይረኽቡን ኣለዉ?
8. ስለምንታይ ኢዮም ደንከልን ሰምሃርን ከም ናይ መቕጻዕቲ ቦታታት ዝውሰዱ?

## *የና የና የና ውጽዕቲ የና…*

ፍረ መስዋእትኺ ነጻነት ለቢስና
ድሕሪኡ ግና ሓርቢቱ ኮይኑ ባና !!!
ኣብ የና ንጹሓት ዝሃረሩ
ብመስዋእቶም ባዕዲ ተሳዒሩ
ህዝብና ነጻነት መሬቱ ኣኽቢሩ
የና ብኽብሪ ተዘኪሪ ንወትሩ፥
ጻላኢ ብብድዔ ወፊረ ፈኪሩ
ጅግና ሰራዊት ሓርነት መገዲ ከቲሩ
ተባዕ ብብልሃት ዘበጦ ንጀነራል ግንባሩ
ሃይለ ስላሴ ኣዘዘ ኣራዊታዊ ተግባሩ
ኣብ ቤት ጸሎት ሓዊ ብጥይት ንዝነጠሩ፡
ረኺባ ከኣ ተበንቆሰ ዙፋኑ ካብ ሱሩ
መንግስቱ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ሽኮያ ቀብሩ፥
የና ዎ የና.. ሎሚ ኩነታት ተገቲሩ
ህዝብና ነብሱ ደቁ ንብረቱ መሬቱ ተሃጊሩ
ገባር ብጥምየት ተላሒሱ ሓርቢትዎ ድራሩ
ኣሕዋተይ ደቀቦይ መሓመድ ደቀቦይ ገብሩ
መንእሰያት ሃሊቆም መድረበዳ ባሕሪ ክሳገሩ
ዓለም ገሪምዎ ውልዶ ሃገር ስደት ጸንኪሩ።
ሃገር ተነጺላ ብህግዲፍ ብተናኻሲ ተግባሩ
እዚ ሰራም ጸጊቡ ሎሚ ምስ ኢራን ምፍቃሩ
ዓሰብ ሂቡዎ ኣትዩ ሳብ ማሪን መሳይሉ ሓንጊሩ
ኦሮማይ ንጥፋት ኢሳያስ ዓሻ ብንዕቀት ሰኺሩ።
የና ድሕሪ'ዚ ኩሉ ከመይ ንህግድፍ ምሕጻር ዕምሩ
ንዑ ኤርትራውያን ንድሕነት ሃገር ህዝብን ስመሩ
ተቋወምቲ ሃየ ሓይልኹም ኣብ ሓደ ጥመሩ


ናይ ልደትን ሓርነትን
2009
ዓወት
ይኹነልና